ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.294 ረቡዕ 9 ነሓሰ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ዘይተጸውየሉ ገስጋስ ኣብ ኤርትራ



ገጽ 3 ዓገብ ቅርሰና ኣእምሮኣዊ ንብረት



ገጽ 4 ካብ ኣደነቕቲ ፍጡራት ባሕሪ



ገጽ 5 ሓጐስን ሕጉሳትን



ገጽ 7 ስፖርታዊ ውድድራት 'ኣዚ.ሓ/ ኣየር' ይቕጽል



# ሓሙሻይ ዋዕላ ውዳበታት ህግደፍ ኣብ ኣመሪካ፡ ውሳነታት ብምሕላፍ ተዛዚሙ

"ምውርራስ ወለዶታት ንበሩህ መጻኢ" ብዝብል ቴማ - ብ1 ነሓሰ ዝተኸፍተ 5ይ ዋዕላ ውዳበታት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ኣገዳሲ መድረኻዊ ውሳኔታት ብምሕላፍ፡ ብ3 ነሓሰ ብዓወት ተዛዚሙ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ንላዕለዋይ ልኡኽ መንግስትን ግንባርን ብምውካል፡ ኣብ ምሕያል ውዳበታት ግንባርን ምድልዳል ወሸጣዊ ሓድነት ህዝብን፡ ከምኡ'ውን ምድንፋዕ መደባት መኸተ ዘተኩረ ሰሚናር ንተሳተፍቲ ኣቕሪቡ ሕቶታቶም መሊሱ።

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ሞያውያን ኤርትራውያንን ኣዕሩኽ ኤርትራ ወጻእተኛታትን፡ ንኤርትራዊ ክብርታትን ሱ-ሓሳብ ህዝባዊ ግንባርን ዘማእከለ መረዳእታን ንቕሓትን ተሳተፍቲ ዋዕላ ዘዕመቑ፡ ከምኡ'ውን ኤርትራ ኣብ ትግባረ ፖሊሲታት ማሕበራዊ ፍትሒ ሒዛቶ ዘላ ቅኑዕ ማእዝን ዘተኩረ ሞያዊ ኣስተምህሮታትን መግለጺታትን ኣቕሪቦም።



ብዘይካ'ዚ፡ ዓለምና ተሸሚሙቶ ካብ ዘጸንሐት ዓብላልን ገባትን ዓለማዊ ስርዓት ንምውጻእ ዝቐድድ ዘሎ ቃልሲ፣ ከምኡ'ውን ጉዳያት ፖለቲካት ዓለማዊ ዕብለላ ዝትንፍሉን ዝተሓጋገዙሉን ኣብ መርኸቢ ብዙሓንን ህዝባዊ ዲፕሎማስን ዘተኩረ መብርሂ ተዋሂቡ።

እዚም ልዕሊ 500 ወከልቲ ናይ'ተን ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ሸማግለ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ዝጠፉ ውዳበታትን ማሕበራትን ኣብ መወዳእታ፡ ንመደባት መኸተ ዘሐይል፣ ንተራን ኣበርክቶን ኣብ ሕ.መ.ኢ. ዝዕብር ህዝቢና ዘዕዝዘ - መደባት ስራሕ ዘጠቓልል ውሳኔታትን ለበዋታትን ኣሕሊፎም።

# ዓዲ-ሓወሻ - ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ናይ ምዝንጋዕ መደብ ተወዲቡ

ነበርቲ ዓዲ-ሓወሻ - ንኡስ ዞባ ጋሉኖፍሒ፡ ኣብ ወፍሪ ልምዓት ንዝሰተፉ ዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ብ3 ነሓሰ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ወዲቦም።

ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት፡ ሰራዊት ኤርትራ ኣብር ዝሓለፉን ዘለዉን ወለዶታት ሰዓቡ፡ ዳግማይ ሓደሽ ታሪኽ ዝሰርሓሉ ዓመታት ምንባሩ፡ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ኣብ ወፍሪ ልምዓት ዝሰተፉ ዘለዉ ሓይልታት ምክልኻል ንምእንጋድ ዝውደብ መደባት፡ ንጭዋ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾልዕ ምኻኑ ኣገዚቡ።

ኣመሓዳሪ ዓዲ-ሓወሻ ኣቶ ገብረሂወት እስጢፋኖስ እውን፡ ጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ናጽነትናን ልኡላውነትናን - ብዋሕኡ ደማ ህላውነትና ንምዕቃብ ንዝኸፈልዎ ሕዚን ዋጋ ብምጥቃስ፡ ኣብ መደባት ሃገራዊ ልምዓት ዝነበርዎ ዘለዉ ተሳትፎ፡ መርኣያ ምኽባር ሕድሪ ሰማእታት ከምዝኾነ ገሊጹ።

እቶም ነበርቲ፡ ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ዝወደብዎ መደብ፡ ምስ ውዕሎቶም ዝዳረግ ደኣ ኣይኹን'ምበር፡ ኣብ "ጉድንኹም ኣለና" ክብሉ ብምኽኣሎም - ሓበን ከምዝስምዖም ገሊጾም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣዚዝ እዚ ማእከል ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ፡ ኣዘዝቲ ክፍላት-ሰራዊትን ዝተፈላለዩ ሰብ-መዚ መንግስትን ግንባርን ተረኺቦም ነይሮም።

# ኤርትራውያን ነበርቲ ኦስትሪያ ኣብ ጉዳይ ሃገር ዘትዮም

ኤርትራውያን ነበርቲ ኦስትሪያ፡ ብ5 ነሓሰ ኣብ ከተማ ቭየና ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር፡ መድረኻ ዘለኽዎም ሓላፍነት ንምትግባር ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጾም።

ኣብ'ቲ ህዝባዊ ሰሚናር፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ፍራንክፈርት ኣቶ ክብረኣብ ተኸስተን ሓላፊ ህዝብውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ካሕሳይ ተወልደን፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርን ዞባዊ ምዕባለታትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ መዳይ ዲፕሎማሲ ኣብ ዝስላሰል ዘሎ ስራሓት ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም።

"ንቐሕን ሓያልን ውዳበ፡ መለለዩ ህዝባዊ ግንባር እዩ" ዝበለ ኣቶ ክብረኣብ፡ ተኣትዩ ኣብ ዘሎ ሓድሽን ትሰፋውን መድረኽ፡ መሳርሒ ምምዕርራይን ምድልዳልን ኣገዳስነት ከምዘለዎ ብምዝኽኻር፡ ኣብ ኦስትሪያ ዝነብሩ ዜጋታት ጥርናፈኦም ብምሕያል - መደባት ልምዓትን መኸተን ንምዕዋት ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ምእንቲ፡ ሃገራዊ ሸማግለ ክቐውም ኣተሓሳሲቡ።

ምክትል ኣቦመንበር ማሕበረኮም ኤርትራ ኣብ ኦስትሪያ ኣቶ ዑቕባይ ኣብዩ፡ ሃገራዊ ውዳበታት ብምድልዳል ኣበርክቶ ዜጋታት ንምዕዛዝ - ብዕቱብ ከምዝሰራሓሉ ኣረጋጊጹ።







# ኣባላት ማ.ሰ.ሓ.ም.ኤ፡ 1,250 ፈልሲታት ገረብ ተኺሎም

ኣባላት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ (ማሰሓምኤ)፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ዝጀመርዎ ወፈራታት፡ ብ3 ነሓሰ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር - ኣብ ከባቢ ቤት-ገርግሽ ኣስታት 1,250 ፈልሲታት ኣግራብ ተኺሎም።

ኣብ'ቲ ወፈራ፡ ኣስታት 250 ኣባላት ሃገራዊ ወተሃደራዊ ጣንድ ምረሻ፡ ወተሃደራዊ ኣካዳሚን ሰታፍት ቤት-ጽሕፈትን ተሳቲፎም።

ኣለይቲ ናይ'ቲ ስራሕ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ምትካል ፈልሲታት ጥራይ ውጽኢታዊ ከኸውን ስለዘይክእል፡ ዝተተኽለ ፈልሲ ጽዲቑ ንኽፅብ ቀጻሊ ምክትታል ከምዝድልዮ ገሊጾም።

ኣባላት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብ15ን 16ን ወርሒ ሓምለ እውን ኣብ ተመሳሳሊ ቦታ ናይ ምዝላይን ምኹዓት ጉድጓዲን ስራሓት ከምዘሳለጡ ዝዝከር እዩ።



# ልዝብ

# ዓገብ ቅርሰና ኣእምሮኣዊ ንብረት

ሰለሙን በርሀ

ደራሲ ኖርዌር ተስፋዬ ጉብርኣብ፡ ብስደት ኣብ ሃገረ ሆላንድ ኣብ ዝነበረሉ፡ “የስደተኛው ማስታወሻ” - ማለት “መዘከርታ ስደተኛ” ዝርእስታ መጽሓፍ ጽሒፋ፡፡ እታ መጽሓፍ ኣብ ዕዳጋ ወረዳ ኣይተሸጠትን፡፡ ብሶፍት ኮፒ ኣብ ሞባይላትን ታብለታትን እያ ተነቢባ፡፡ ነገሩ ከምዚ እዩ–

ተስፋዬ መጽሓፉ ወዲኡ ከሕትማ ኣብ ዘሰናሰነሉ ዝነበረ እዋን፡ “ባዕልና ኣሕቲምና ክንዝርግሓ” ዝብሉ ኣመራጺ ዝምቕማጦም ኢትዮጵያውያን ኣሕተምቲ (ሸቃጦ) ረኸቡ፡፡ ውዕል ተፈራሪሙ፡ ለይ-ኣውት ገይሩ ውዱእ ስክሪፕት ብኢመይል ልኣኸሎም፡፡ እቶም ሸቃጦ ምስ ነበዋ፡ “ጫልቱ እንደ ሄለን” (ጫልቱ ከም ሄለን) ዝርእስታ ሓንቲ ካብ ዛንታታት ናይታ መጽሓፍ ኣይፈተውዋን፡፡ ካብ ፖለቲካዊ መርገጺኦም ዝቖለ ተኣፊፎም፡፡ በዚ ድማ ከሕትምሉ እንተኾይኖም፡ ነታ ዛንታ ግድን ካብታ መጽሓፍ ከኣልያ ከምዝለዎ፡ እንተዘይኮይኑ እታ ዛንታ ዘላታ መጽሓፍ ከሕትምሉ ፍቓደኛታት ከምዘይኮኑ ሓበሩዎ፡፡

ተስፋዩ እዙም “ኣሕተምቲ ኢና” በሃልቲ ምእንቲ ክሕጎስሉ፡ ኣብ ትሕዝቶ መጽሓፉ ለውጢ ክገብር ኣይደለየን፡፡ ብሀርዩኡ ከኣ ካብ ዝኣመነሉ ፍንትት ዝብል ኣይኮነን፡፡ ቡቲ ውዕል መሰረት ዝጸበዮ ዝነበረ ብርኪት ገንዘብ ኣህሪፉኻ እንተነበረ፡ ነታ ዛንታ ካብ ምእላይ፡ ገንዘብ ክተርፎ መረጸ፡፡ በዚ ድማ ውዕል ፈረሰ፡፡ የጉዳስ እቲ ሶፍት ኮፒ ድሮ ኣብ ኢድ እቶም ኣሕተምቲ ኣትዩ ነበረ፡፡ ተስፋዩ ክወግዕልዎ ከለዉ እምነት ኣሕዲሩሎም ስለዝነበረ፡ ውዕል ከፍርሶ ከሎ ክሳብ ክንድኡ ጭካነ ዝመልኦ ጥልመት ይፍጽሙ ኢሉ ኣይሓሰበን፡፡ ወየም ጠለምቲ ሸቃጦ ግን እቲ ውዕል ምስ ፈረሰ፡ ብኡ ንብኡ፡ ነታ ተኣፊፎት ዝኾነየም ዛንታ ኣልጊሶም፡ መጽሓፉ ብሶፍትኮፒ ዝርገሐዋ፡፡ እቲ ጸሓፊም ደራሲ ብዙሕ ዝዘለኸለ ድንቂ መጽሓፍ ሳንቲም ከይረኸበላ ካብ ሓደ ናብ ካልእ ብቐልጢፍ ተሰጋገረት፡፡ ነቶም ኣሕተምቲ ብቐሊሉ ከሰሱ ከረኽቦሎም ዝኽእል ኣይነበረን፡፡ ዚጋጠሞ ጸገም ንኣዝቡቲ ሓቢሩ፡ እታ ዝተሰረዘት ዛንታ እውን ምእንቲ ክትንበቡ መጽሓፉ ብሶፍት ኮፒ ባዕሉ ክዘርግሓ ወሲኑ፣ ዘርግሐዋ ድማ፡፡

ተስፋዩ ድርሰቱ ኣመና ተዓቢጊን ተሃራፊን እዩ፡፡ “ሓዳስ መጽሓፍ ጽሒፉ ኣሎ” እንተተባሂሉ፡ ሰባት ከንብበዋ ስለዝህወኹ ሃፍቶፍ እዩም ዝብሉ፡፡ ከምኡ ስለዝኾነ፡ ብቕርሰና (Digital Piracy) ምሓር ተሳቐዩ እዩ፡፡ “የጉረበ ማህደር” ብኸመይ ከምዝመለቕት፡ ኣብ ኣመራጺ ኣብ ዝተመረቐትሉ ሰሙን፡ ብሶፍት ኮፒ ብቐጻበት ኣብ ኣስመራን ኣዲስኣበባን ተዘርጊሓ፡፡ ብርሃጽ ሰብ ክረብሑ ዝደልዩ እንትርፎ ሳንቲም ቅንጣብ ሕልና ዘይብሎም ተበላሊጸቲ ኣዲስኣበባ ከኣ መጻሕፍቲ ተስፋዬ ጉብርኣብ ብዘይ ፍቓዱ ዳግም እናሕተሙ ኣትኪርሞ እዮም፡፡ ነታ ድሕሪ ዕረፍቱ ዝተሓተመት ናይ መወዳእታ መጽሓፉ “ቀይ ዘመን” ከይተረፈ፡ ገለ ሰባት ኣብ ኣዲስኣበባ ብኢደ ዋኒኖም ኣሕቲሞም ዘርጊሖሞ፡፡



ኣብ ሃገርና እውን ከምዚ ዓይነት ሕልና ዝጎደሎ ተግባር ኣይተሳእነን፡፡ ኣብ ዚ ቀረባ ግዜ ዝ ዝተጠቕሰት ናይ መወዳእታ መጽሓፉ፡ ናብ ትግርኛ ንምትርጓማ ስራሕ እናተኻየደ፡ ኣብ ማስርሕ ምርታዕ እንከሎ፡ ካብ ኮምፒዩተር ዝተቐምዐ ኣብ መወዳእታ ደረጃ ምጽፋፍ ዚይበጽሐ ሶፍትኮፒ፡ ብገለ ሰባት እናተሰጋገረ ናብ ስድራቤት ኖርዌር ተስፋዬ ጉብርኣብ በጺሑ፡፡ ኣገዩ ዘሕዝን እዩ!

ብመንጽር ሕጊ፡ ዳርጋ ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ጉሕልና ኣእምሮኣዊ ንብረት እንተላይ ቅርሰናን ምስፍግጋርን ሶፍት-ኮፒ ዘይሕጋዊን መቕጻዕቲ ዘሰዕብን ተግባር'ዩ፡፡ ገበን ምዃኑ እናተፈልጠ ግን፡ ብዘይ ፍቓድ ዋናኡ፡ መጻሕፍቲን ካልእ ስነጥበባዊ ፍርያትን ብሶፍት ኮፒ ምስፍግጋር ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ኣገዩ ኣሻገሪ ኮይኑ ደርኪቡ፡፡ መቆጻጸሪ ቴክኖሎጂ ንምምዕባል ብቐጻሊ ጻዕርታት ይካየድ እኳ እንተኾነ፡ ንዕኡ ዝሰብር እውን እናተማህዘ ዛጊት ከምቲ ዝድለ ኣድማዒ ክኸውን ኣይከኣለን፡፡ እዚ ንሕጊ ምዕቃብ ኣእምሮኣዊ ንብረት ዝጻረር ዘይሕጋዊ ተግባር'ዚ፡ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ መንነ መዛኑን መተዓልልትን ብስቱር ስለዝፍጸም፡ ብሕጊ ክልኩል እንተኾነ እውን ብዮዝበሪ ምቁጽጻሩ ቀሊል ኣይኮነን፡፡

ሕብረተሰብና ኣእምሮኣዊ ንብረት ምስራቑን ምስፍግጋርን ገበን ምዃኑ ኣይፈልጥን'ዩ ክበሃል ኣይክኣልን፡፡ ይኹን'ምበር ዘይሕጋዊ ምስፍግጋር ኣእምሮኣዊ ንብረት ብስፋሓትን ብዘይ ስክፍታን ክፍጸም ምርኣይ ልሙድ እዩ፡፡ ዓብ ዝበሃል የለን፡፡

ሓቂ እዩ፡ ሰባት ነዚ ገበንዚ ክፍጽሙ ዝደፋፍእም ረቛሒታት ኣለዉ፡፡ ሓደ ካብኡ ክትዕድግ ዘይምድላይ ይኸውን፡፡ ገንዘብ ከየውጻእካ ወይ ነቶም ብዘይ ጠስሞም ጸረር ዝብሉ ኣሲጋገርቲ ቁንጣሮ ከፊልካ ዝበሃጎዮ ምርካብ፡ ነዚ ገበን'ዚ ንምፍጻም ካብ ዝድርኹ ምኽንያታት እቲ ዝዓበየ'ዩ፡፡ እቲ ካልኣይ በዚ ዘሎ ቴክኖሎጂ፡ መጻሕፍቲ ምቕዳሕን ምስፍግጋርን ኣዝዩ ቀሊልን ግዜ ዘይወስድን ስለዝኾነ፡ ክትዕድግ ዓቕሚ እናሃለወካ'ውን ናብ ቤት መጻሕፍቲ ካብ ምኻድ ብቐሊሉ ካብ ዓርክኻ ወይ መሓዛኻ ምውሳዱ ተመራጺን ስሉጥን ብምዃኑ ነቲ ገበን ክትውዕሎ ዝደፋፍእ ክኸውን ይኽእል፡፡ ገለ ድማ፡ ባዕሉቶም ዝዋናብብዎ ንሹሙ 'ኣላትኪ እንዶ' ንምባል ኣብ ገበን ምስፍግጋር ዝጦፉ ኣይሰኣኑን፡፡ በዚ ኮይኑ በቲ እቲ ተግባር ኣብ ዋናታት ዘወርዶ ዘሎ ማህሰይቲ ቀሊል ኣይኮነን፡፡

ጻዕረኛ ሰብ ጻማ ጻዕሩ ክረክብ ሕልና ዘለዎ ኩሉ ዝቕበሎ እዩ፡፡ ብህይወት ናይ ዘየለ ዜጋ ኣእምሮኣዊ ንብረት እሞ ኸኣ፡ ደቂን ስድራቤቱን ክረብሕሉ ናይ ኩሉ ሰብ ባህጊን ድሌትን እዩ፡፡ ናይ ዝበዝሕ ሰናይ ድሌት እዚ እናኾነ ግን፡ ገለ ሰባት ምስፍግጋር ኣእምሮኣዊ ንብረት ኣብ ዋናታቱ ኮነ ኣብ ባህላዊ ዕቤት ሕብረተሰብ ዘወርዶ ማህሰይቲ ከይዓጠጦም ከም ቀሊልን ንቡርን ተግባር ወሲዶም ብዘይ ሸቕረራ ክምናጠልሉ ይውዕሉ፡፡ እዚ ሓልዮት ዘይብሉ ተግባር ብሓቂ ነውርን ሃፍቱን እዩ፡፡

1) ብቐዳማይ ደረጃ ፍሉይ ክእለትን ተውህቦን ዘለዎም ትገሃት ሰባት ዝጻዕርሉን ዝደኸምሉን ድንቂን ክቡርን ስራሕ፡ ዋጋ ከምዝይብሉ ንብረት ኣብ ሻርዕ ክድርበ ዘሕዝን'ዩ፡፡ ግዱ ሓቁ፡ ብመገዶም ድኣ ፈርዩ እምበር፡ ፍርያቶም ናቶም ጥራይ ኣይኮነን፡፡ ኣካል ሕብረተሰብ ስለዝኾኑ፡ ኣእምሮኣዊ ንብረቶም፡ ክቡር ቅርሲን ንብረትን ሕብረተሰብ እዩ፡፡ ስለዚ ሕብረተሰብ ፍርያቶም ከስተማቕሮን ክሕሰሎን ጥራይ ኣይኮነን ዘለዎ፡፡ ከም ሃገራዊ ፍርያት ከኽብሮን መሰል ዋንነት ክሕልወሉን ግቡእ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ጻዕሪ ተበላሓትነትን መሃዝነትን ዝዓቢን ዝሰስንን ህርኩታት ጸግዖም ክረኽቡ እንከለዉ ጥራይ እዩ፡፡

2) ደረስቲ፡ ብቐንዱ ንዕግበቶም ዝሰርሑ'ኳ እንተኾኑ፡ ዕላማኦም ተሃናም ንምውጻእ ጥራይ ኣይኮነን፡፡ ጻማ ናይቲ ዝሰርሕዎ ክደልዩ ባህርያዊ እዩ፡፡ መብዛሕትኦም ድማ መነብሮኦም ኣብቲ ብዙሕ ግዜ ዘጥፍእሉ፡ ብሓሳብ እምብዛ ዝዛልክሉ፡ ብጉልበት ዝደኸምሉ፡ ምስ ፈጠሩዎ ድማ ህዝቢ ዝሕጎሰሉን ዘስተማቕሮን ፍርያቶም ዝተሞርከሰ እዩ፡፡ ብመጠን'ቲ ባህልን ስነጥበብን ኣብ ምምዕባል፡ ህይወት ሕብረተሰብ ኣብ ምምቃር ዝበርክዎ ኣበርክቶ እምበኣር፡ ጻማኦም ክረኽቡ እንተውሓደ ኩልና ብሓሳብ ደረጃ ንድግፎ እዩ፡፡ ንሱ'ዩም ጥራይ ዘይኮነ ድሕሪ ሕልፈቶም ደቆም ኮነ ካልኦት ወረስቶም ክረብሕሉ ሕጋዊ መሰሎም ኣብ ርእሲ ምዃኑ ሓልዮት ዝስምዖ ኩሉ ዝደልዮ እዩ፡፡ ብዙሕ ሃሊኾም ብሸምዚ ዝኣመሰለ በለጻዊን ኣሱሓኮ ዘይብሉን ተግባር ጻማኦም ከምዝስእኑ ምግባር ግን ብሓቂ ዘሰገድግድ ተግባር እዩ፡፡

3) ዘይሕጋዊ ምስፍግጋር መጻሕፍቲ ዝኸፍአ ሳዕቤኑ ንተበርሞትን መሃዝትን ሰባት ተስፋ ዘቑርጽ ምዃኑ'ዩ፡፡ ሕብረተሰብ ብቐጻሊ ኣብ ጎደና ባህላዊን ስነጥበባውን ዕቤት ክምርሽ ተውህቦን ክእለትን ዘለዎም ኣባላት ሕብረተሰብ ክተባብዑ እዩ ዝግባእ፡፡ ፍርያቶም ክብርክት መሃዙየም ብቐጻሊ ክዛሪ እንተኾይኑ ክሸርቁም ዘይኮነ ብኣንጻሩ እኳ ድኣ ሓልዮት ሓዊሽና ብመደብ ፍርያቶም እናገዛእና ከተባብዖም እዩ ዝግባእ፡፡

4) ዘይሕጋዊ ምስፍግጋር ኣእምሮኣዊ ንብረት፡ ነቶም ኣብ ንጠፋ ስራሕ ዝርከቡ ፍሉጣትን ህቡባትን ሰባት ጥራይ ኣይኮነን ዘጉድእ፡፡ ነቶም ብሕጂ ክምዕብሉን ክፈርዩን እንደልዮም ተውህቦ ዘለዎም መንእሰያት እውን ዘልምስ እዩ፡፡ “እንታይ ክረኽብሉ” ኢሎም ተስፋ ከምዝቖርጹ ዝገብር፡ ዓንቃጺ ምዕባለን ፈጠራውነትን'ዩ፡፡ ፈጠራን መሃዝነትን ክዕንቀጽ እንከሎ ድማ ማህሰይቱ ንውልቀሰባት ዘይኮነ ንመላእ ሕብረተሰብ እዩ፡፡

## እንታይ'ዩ እቲ ፍታሕ?

ቅርሰናን ምስፍግጋርን ኣእምሮኣዊ ንብረት፡ ገበናዊ ተግባር ጥራይ ዘይኮነ፡ ብሕልናን እውን ዘይቕበል በለጽን ነውርን እናኾነ፡ ብሕጊ ተሓታትነት ንምርግጋጽ ዘኽእል ብቑዕ መቆጻጸሪ ሜላ ክሳብ ዘይተረኽበ፡ ምቑጻሉ ኣይተርፎን፡፡ እቲ እንኮ ክኸውን ዝኽእል እምበኣር፡ ንቕሓትን ሕልናን ምኽሳብ'ዩ፡፡ ብዘይፍቓድ ዋናኡ መጻሕፍቲን ካልእ ስነጥበባዊ ፍርያትን ምጥቃምን ምስፍግጋርን ነውሪ ምዃኑ ዝገንዘበ ንቕሓት ምህላው፡ ብውሑዱ ስክፍታ ዘበርኽ ሓልዮት ዘዕዘዘ እዩ፡፡ እቲ ተግባር ከም ንቡር ኣይወሰድን፡፡ ሓደ ሰብ ብጠለ ኢጋጣሚ ዝረኸቦ መጽሓፍ ይኹን ካብ ፍቓድ ዋናታቱ ወጻኢ ዝተዘርግሐ ስነጥበባዊ ፍርያት ኣብ ምጥቃም ስክፍታ ምስ ዝስምዖ ድማ፡ ዋላ እንተረኸቦ'ውን ናብ ካልኦት ኣብ ምስፍግጋሩ ቁጡብ ብምዃን ማህሰይቲ ኣብ ምቕላል ተራኡ ከበርክት ይኽእል፡፡ ከምዚ ዓይነት ብስለት ምኹስኳስ እምበኣር ናይ ኩልና ሓላፍነት እዩ፡፡

ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ፡ ኮምፒዩተራት ብቴትዎርክ ኣተኣሳሲርካ ምስራሕ ብዙሕ ብልጫታት ስለዘለዎ ተመራጺ እዩ፡፡ እንተኾነ ዘሰክፍ መዲያት እውን ኣለዎ፡፡ ንሓድሕደን ኣብ ዝርኣያ ኮምፒዩተራት ዘሎ ትሕዝቶ ንቅርሰና ቀሊዕ'ዩ፡፡ ስለዚ ድማ፡ ኔትዎርክ ዘመሓድሩ ሰባት ኮነ ተጠቀምቲ ኔትዎርክ፡ ነዚ ጸገም'ዚ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ስርሖም ሓላፍነት ዝሰምዖም ጥንቁቓት ክኾኑ የድሊ፡፡

ምስዚ ዝተጠቕሰ ጉዳይ ዝዛመድ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ዝተሰምዩ፡ ስርቂ እኳ እንተዘይተባህለ ካልእ ዘይቕቡል ተርእዮታት እውን ኣሎ፡፡ ኣብ መጻሕፍቲ ወይ ጋዜጣታት ዝነበቡዎ ሰሓቢ ዛንታታት፡ ብዘይፍቓድ ዋናኡ፡ ኣብ ዩቱዩብ ምትራኹ፡፡ ንኣብነት ካብቲ ብኣሕተምቲ ሕድሪ ዝተዳለወ 10 ቅጺታት “ዛንታታት ተሞክሮ ገድሊ” ዕዳጋ ይስሕብልና'ዩ ዝበልዎ ሓጸርቲ ዛንታታት መመረጹም ዝትርኹ ኣለዉ፡፡ ዝርግሐ መጻሕፍቲ ወሰኑን ስለዝኾነ፡ ኣብ መጻሕፍቲ ዝርከብ ዛንታታት ብትረኻ ኮነ ብድራማን ሰዓዊ ፊልምን ካልእ ስነጥበባዊ ኣቀራርባን ዝያዳ ከምዝፍለጥን ከምዝኸልሕን ምግባር ዝድገፍ ተበግሶ እዩ፡፡ የጉዳስ ስርዓት ብዘሓለወ መገዲ ክኸውን ይግባእ፡፡ ብቐዳምነት ፍቓድ ናይ ዋናኡ ማለት ኣሕታምን ደራሲን ምሕታት የድሊ፡፡ ኣብ መጽሓፍ ሰፊሩ ናብ ህዝቢ ስለዝተዘርግሐ ከም ድላይካ ትጥቀመሉ ማለት ኣይኮነን፡፡ ኣብ ዝበዝሐ መጻሕፍቲ ማሰል ዋንነት ሕሉው ምዃኑ ዝገልጽ ሓበሬታ ኣሎ፡፡ ስለዚ ብዘኾነ መልክዕ ኣቀራርባ ክትጥቀመሉ እንተኾይንካ ንዋና ምሕታት ግዴታ እዩ፡፡ ኣብ ርእሲኡ ምንጪ ዛንታኻ ካበይ ምዃኑ ብገሊርን በቲ ሞያዊ ስርዓትን ንኣብነት፦ “ዛንታታት ተሞክሮ ገድሊ ቅጺ 7፣ “ናቕፋ”፣ ኣሕተምቲ ሕድሪ 2017፣ ካብ ገጽ ክንዲዚ ክሳብ ገጽ ክንዲዚ፣ ጸሓፊ ዛንታ እከለ” ኢልካ ምግላጽ ግዴታን ስልጡን ኣገባብን እዩ፡፡

# ዜና

## ኦሮታ - ማእከል ፊዚዮትራፒ 100 ዓረብያታት ስንኩላን ቈልዑ ብሓገዝ ረኺቡ

ማእከል ፊዚዮትራፒ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ 'ኤሪ ቻይልድ ሁድ' ብዝብል ስም ካብ ዝተጠርነፉ ኤርትራውያን ክቡራት ሸወደን 100 ዓረብያታት ስንኩላን ቈልዑን ካልእ ንዋትን ብሓገዝ ረኸበ፡፡



ብ4 ነሓሰ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምርካብ ስነስርዓት፡ ሓላፊ ማእከል ፊዚዮትራፒ ኦሮታ ኣቶ ገብረሂወት ተኽሉ እተን ብሓገዝ ዝተበርከታ ዓረብያታት ስንኩላን ቈልዑ፡ 30 ኣብ ዞባ ማእከል፣ ዝተረፋ ድማ ኣብ ካልኦት ዞባታት ከምዝመቓርሓ ሓቢሩ፡፡

ኣካያዲ ስራሕ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ኣቶ ተወልደ የውሃንስ ድማ፡ ስንኩላን ብሓፈሻ፡ ስንኩላን ቈልዑ ድማ ብፍላይ - ጸር መላእ ሕብረተ-ሰብ ምዃኖም ጠቒሶ፡ እቶም ዜጋታት ንዘወሰድዎ ተበግሶ ሞጎሱ፡፡

ሓገዝ ዓረብያ ዝረኸብ ስድራ-ቤታትን ኣለይቲ ስንኩላን ቈልዑን ብወገኖም ደቆም ኣብ ማእከል ፊዚዮትራፒ ኦሮታ ብዝረኸብዎ ዘለዉ ሕክምናዊ ኣገልግሎት - ጽቡቕ ለውጢ የርእዩ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ እቲ ተረኺቡ ዘሎ ናይ ዓረብያታት ሓገዝ ዓቢ ደገፍ ምዃኑ ገለጹ፡፡

ነቲ ሓገዝ ሐዚዞም ካብ ዝመጽኡ ኣባላት ጉጅለ 'ኤሪ ቻይልድ ሁድ'፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ሰናይ ተግባር ምስታፍዎምን ጸር ኣለይቲ ኣደታት ተቓሊሉ ምርኣዮምን ሕልናዊ ዕግበት ከምዘፈጥረሎም ገለጹዎም፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዋና ዳይረክተር ክሊኒካዊ ኣገልግሎት ዶ/ር ጉይትኦም መብራህቱ፡ መንግስቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገር ንዝርከብ ትካላት ጥዕና፡ ክኢላታት ኣገልግሎት ፊዚዮትራፒን ዘመናዊ መሳርሒታትን ከምድብለን ምጽንሑ ብምሕባር፡ ሓላሊፉ ዝግበር ሓገዝት ነቲ ኣገልግሎት ድርዒ ምዃኑ ኣገንዘበ፡፡

# ጾጋታት ባሕሪ

## ካብ ኣደነቕቲ ፍጡራት ባሕሪ

ፍስሃ ተኽለወይኒ

ኣብዛ እንኹበረላ ፕላኔት ዝነብሩ እንስሳታት "ዓጸማትን ዘይጸማትን" እናተባህሉ ኣብ ክልተ ይኽፈሉ። ካብዚኦም ዘይዓጸማት እንስሳ ዝበዝሐ ማእታዊት ይሕዙ። "ዘይዓጸማት እንስሳ" ክበሃል ከሎ ዓንዲ ሕቖ ወይ ዓጽሚ ዘይብሎም ኩይናም ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ናይ ዓለም ኣብ ድሩቕ ምድረበዳ ብረዳዊ ዋልታት ምድረሰዕሪ ከምኡ'ውን ኣብ ቀላያትን ባሕርታትን ብሰፊሑ ተዘርጊሖም ይርከቡ።

ስነፍጥረታት ባሕሪ ብዙሓት ዘደንቑን ዘምስጡን ተፈጥሮ ዘለዎም እዮም። ናይ ሎሚ ትሕዝቶና፡ ብዛዕባ ካብ ዘይጸማት እንስሳ ባሕሪ ዝኾነ "ክለማል ስኩድ (ዓርሞሸሸ ኣብሚዳድ)" ዝበሃል ካብ ምድቡ ኣዝዩ ዝዓበየን ኣብ ኣስታት 4 ኪሎ ሜትር ዕምቈት ዘለዎ ወቅያኖስ ክነብር ዝኽእልን እንስሳ ባሕሪ እዩ። ክሳብ 13 ሜትሮ ዝበጽሕ ዕበየት ቁመት ኣካላት ክርኢ ይኽእል። እቲ ዝዓበየ ኣስታት 900 ኪሎ ግራም ዝምዝን ክብደት ኣካላት ክህልዎ ይኽእል። እዚ ንውሓት ቁመት ክብደት ኣካላት ካብ ዘይዓጽም እንስሳ ባሕሪ ኣብ መሬት ምስ ዝዕቀን ኣዝዩ ዘደንቕ እዩ። ኣብ መዓሙቕ ውቅያኖሳት ስለዝነብር፡ "ዕምቈ" ዝበለ መጸናዕቲ ክተዮድ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። እንተኾነ ዶክተር ኢዲዝ ዊደር ዝተባህለ ተመራማሪ ኣብ 2012 ገለ ንጥፈታት ክለማል ስኩድ ብቪድዮ ኣሰንዩ ሓበሬታ ኣመሓላሊፉ ከም ዝነበረ ይግለጽ።

"ክለማል ስኩድ" ክሳብ'ዚ ቀረባ ግዜ ከም ብሂል ወይ ናይ ጽውጽዋይ እንስሳ ኩይኑ ይዕለሉ ነይሩ እዩ። እዚ እንስሳ ባሕሪ እዚ፡ ብገፈፍቲ ዓሳ ኒውዚላንድ ኣብ ደሴት ሮዝ ባሕሪ ከባቢ ኣንታርቲካ ኣብ 2007 ተረኺቡ። እቶም ብፕግዚ ናይ'ዚ እንስሳ ኣዝዩም ዝተገረሙ ገፈፍቲ ዓሳ ከም መርኣያን ንዚያዳ ምርምርን ንዝምልከቶም ተመራመርቲ ከረክብዎም ክኢሎም። ተመራመርቲ ናይ'ዚ ዓውዲ ብዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ክለማል ስኩድ ኣዝዩ ከቢደን ዝፍን ከም ዝኾነ፡ ክብደቱ 450 ኪሎ ግራም፡ ንውሓቱ 10 ሜትሮ ምዃኑ ክፍለጥ ተኻኢሉ። ብዘይካ'ዚ፡ "ዕምቈ" ዝበለ ምርምር ኣብ ዝተገበረሉ ክእመን ዘይክኣል ሓደ ኣደናቒ ነገር፡ ኣብ ዝኾነ እንስሳ ክትግበር ዘይክእል ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ኣብ ማእከል ሓንጎሉ ከብዩድ ምኽኣሉ እዩ። ማእከላይ ክፋል ሓንጎሉ ሓደ ክፋት ወይ ጓንጓ (hole) ኩይኑ፡ ዝሃደኖ መግቢ ብኡረሮኡ ኣቢሉ ናብ ሓንጎሉ ይበጽሕ'ሞ፡ ቅድሚ ናብ ከስዐ ምብጽሑ እቶም መኣዝታት ብቐጥታ ካብ'ቲ መግቢ ተሳሒቦም ናብ ዝምልከቶም ክፋል ኣካላቱ ይበጽሑ። እቲ ዝተረፈ ድሩቕ ነገር ከኣ ናብ ከስዐ ይሓልፍ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ቁራሪ ቦታ ናይ ዝነብሩ ጅጋንቲክ ስኩድ፡ መስርሕ ምሕቃቕ መግቢ ቅልጡፍ ብዘይምዃኑ፡ ዝምንበዎ መግቢ ኣዝዩ ውሑድ ከምኡ'ውን ንኽነብሩ ብዋሕዲ መግቢ ዝመጽእ ሽግር ዘይፈጥረሎም እንስሳ እዮም። መርበብት ሓበሬታ ብዝሃብርኦ፡ ሓደ ፍርቂ ቶን ክብደት ዘለዎ ጅጋንቲክ ስኩድ፡ 30 ግራም ዝኽብደቱ መግቢ ኣብ መዓልቲ ተመጊቡ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ክነብር ከምዝኽእል ይፍለጥ።

ተወሳኺ ዘገርም ድንቂ ተፈጥሮ ካብ ዘይዓጸማት ዝኾነ ክለማል ስኩድ፡ ካብ ኩሎም ኣብ ዓለም ዝርከቡ እንስሳታት ዝዓበየ ዓይኒ ይውንን ምዃኑ እዩ። ኣብ ዓሞቕቲ ባሕርታትን ወቅያኖሳትን ድማ ከይተሸገሩ ክርእዩም ይኽእሉ። ካብ ዓይኖም፡ ናይ ጉዳ ርእሶም ብርሃን - ልክዕ ከም ናይ ማኪና ዘደጉሕ መብራህቲ ይፈጥሩ። ንምንታይ ምኽንያት ከምዝፈጥርዎ'ኳ ንጹር እንተዘይኰነ፡ ተመራመርቲ ብዝሃብዎ ግምት ግን፡ እዚ መብራህቲ ብውሑድ ጸዓት ዝፍጠር ኩይኑ ካብ ጸላእቶም ንምክልኻል ማለት ንምድንጋር፡ መግቢ ንምምእራር ወይ ንመጥቃዕቲ፡ ንመስሕብ ርክብ ማለት ልክዕ ንኸምኡ ዝኣመሰለ እንስሳ ንምልላይን ንምምስሳልን ተባሂሉ ይፍጠር። ክለማል ስኩድ ቁርበቱ ካብ ሃሳስ ርዛ ናብ ደሚቕ ቀይሕ ሕብሪ ኣብ ዝተወሰ ግዜያት ይቕየር። ሰለስተ መኻሽቲ ልቢ ናብ ምሉእ ኣካላት ደም ንምጭማዋ ዘለጥላ ድማ ኣለውኦ።

ኣትማን ባሕሪ (sea-snakes)፡ ኣብ ባሕሪ ኣስታት 50 ዓሌታት ኣትማን ከምዘለው ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ዝበዝሑ ዓሌታት ድማ ካብ 1-1.2 ሜትሮ ቁመት ክህልዎም ይኽእል። መብዛሕትኦም ኣትማን ባሕሪ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝርከቡ ኩይናም፡ ገለ ውሑዳት ግን ኣብ ፓስፊክ ወቅያኖስ ክሳብ ማዳጋስካር ዝርገሐ ዘለዎም ይነብሩ። ኣትማን ባሕሪ ዓሳታት እናተመገቡ ዝነብሩ ኩይናም፡ ንሰብ ሓደጋ ንምውዳቕ ግን ኣዝዮም ዝሑላት እዮም። ኣትማን ባሕሪ ብዘይካ ርእሶም ዝተረፈ ኣካላቶም ኣዝዩ ተረር ስለዝኾኑ፡ ጸላኢ ኣብ ዘጥቅዕሉ ይኹን ግዳይ ኣብ ዘጋጠሞም ግዜ ክሳዶም ዝያዳ ተጻዋርነትን ሓይልን ከምዝእትረኽብ ይንገረሎም።

ሎብስተር፡ ሓደ ካብ ዘይዓጸማት እንስሳ ባሕሪ ኩይኑ፡ ኣብ ታሕታዋይ ጽፍሒ ወይ ባይታ ባሕሪ ዝነብር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕዝቶ ማዕድናትን ፕሮቲንን ኣዝዩ ሃብታምን ምቁር መግብን እዩ። እዚ፡ ብዓይነትኻ ንኽትርእዮ ኣዝዩ ደስ ዘብልን ተፈታውን ዘንጸብርቕ ኣካላት ዘለዎ እዩ። ኣብ ዓለማዊ ዕዳጋ ድማ ካብቶም ተጠለብቲን ክቡራትን መግቢ እዩ። ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ሳሕቲ ብመጅሓፍ ዓይነት ግፉ ከም ላኼማ ክግፈፍ ይረኣ እምበር ክሳብ'ዚ ግዜ ብዕላማ ክግፈፉ ኣይክኣለን። መጠነ ግዝፍን ዕድመን ዘሻሙ ደኣ ይኹን እምበር፡ ብክብደቱ እቲ ዝረዘነ ማለት 20.15 ኪሎ ግራም ምዃኑ፡ ዕድመኡ'ም ድማ ካብ 45-50 ዓመት ክጸንሕ ከምዝኽእሉ መዛግብቲ ምርምር ይሕብሩ።

እቲ ቀንዲ ዘደንቕ፡ እዚ እንስሳ እዚ ሓንቲ ካብ መሓውሩ ምስእትቑረጽ፡ ከም ብሓድሽ ካብ'ታ ዝተቘረጸት ትብቁል እሞ ከም'ታ ናይ ቀደማ ቅርጺ ትሕዝ ምዃና እዩ። ኣብ መብዛሕትኦም እንስሳታት፡ ዕድመ እናወሰኹ ማለት ናይ እርጋን ምልክታት ኣብ ዘርእዩሉ ግዜ ስርዓት ምፍራይ ማለት ዘርኢ እናደኸመ እዩ ዝኸይድ። ሎብስተር ግን ዕድመኡ ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ጥርዚ ዕበየት ወይ እርጋን ክሰዕ ዝበጽሕ ዝኾነ ድኻመት፡ ዝሕታለ ወይ ምጥፋእ መፍረ ዘርኢ ኣየጋጥሞን እዩ። ስለዚ ተመራመርቲ እዚ ዓውዲ ከም ዝሕበርዎ፡ እቲ ዝኣረገ ሎብስተር ካብ'ቲ መንእሰይ ዝለዓለ ናይ ምፍራይ ስምዒት ኣለዎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ "ተሎመሬዝ" ዝበሃል እንዛይም ኣብ DNA ማስርዕ ዓቢ እጃም ዘለዎ ኩይኑ ኣብ ዕበየት ሎብስተር ዝያዳ ጎሊሑ ይርኣ። ኣብ ካልኦት እንስሳ ግን ኣብ መጀመርታ ዕሸል ወይ ናይ ድቂ ግዜ ጀሚሩ ይውድእ። ስለዝኾኑ ድማ እዮም ኣብ ግዜ ምንዋሕ ዕድመ ድኻመታት ዘጋጥሞም። ልክዕ ከም ኣረዝን ሳሬትን፡ ሎብስተር ሰማያዊ ሕብሪ ደም ይውንን። እዚ ድማ "ኮፖር" ዝበሃል ማዕድን ትሕዝቶ ስለዘለዎ እዩ። ኣብ ካልኦት እንስሳ ቀይሕ ሕብሪ ደም ዝሕዙሉ ምኽንያት ድማ ብኣይሮን ሃብታም ዝኾነ ሂሞግሎቢን ስለዘለዎ እዩ።

ድሙ ዓሳ፡ ድሙ ዓሳ ካብ ዓጸማት እንስሳ ባሕሪ እዮም። ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ማያት ዝነብሩ ኩይናም፡ ድሙ ዓሳ መግቦም ንኽምእርሩ ይኹን ካብ ጸላእቶም ንምክልኻል ክሸገሩ ስለዘኽእሉ፡ ሓደ ተፈጥሮኣዊ ጥበብ ተዓዲሎም እዮም። እቲ ዘገርም፡ ሰብ ኣብ ከባቢ ኣፍና ቀንዲ ድማ ኣብ ጫፍ መልሓስና፡ ካብ 2 ሽሕ ክሳብ 8 ሽሕ ዝኾኑ ንምስትምቓር (taste buds) ዝጠቕሙ ናኣሽቱ ዋህዮታት፡ ብእኩብ ይርከብ። ኣብ ድሙ ዓሳ ግን ኣስታት 100 ሽሕ ናይ ምስትምቓር ኣጉሚ በበውልቂ ኣብ መላእ ኣካላቶም ተዘርጊሖም ይርከብ። ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም ንዝተፈላለዩ ኣገልግሎት ድማ ይጥቀምሉ። ኣዝዩ ብዙሕ ናይ ምስትምቓር ኣጉሚ ብምውናኑ መግቢ ኣብ ዝደለየሉ ግዜ ንሓንቲ ቦታ ስሉሳዊ ኩርናዕ ዓጽዩ በቲ ሓበሬታ ዝሎ ኣንፈት ይሃድኖን ከበኦ ይቆጻጸሮን።

ካልእ፡ ሓደ ዓቢ ብልጫ ናይ ድሙ ዓሳ፡ እቲ ዝበዝሐ ናይ ምስትምቓር ኣጉሚ ኣብ ግንባሩ ስለ ዝርከብ ናብቲ ዝሃድኖ ቦታ ከምርሕ ይሕግዞ። ከም ኩሎም እንስሳታት፡ ድሙ ዓሳ ንዓይኑ ንምርኣይ ይጥቀመሉ'ኳ እንተኾነ፡ ካብ ርእዩ ክሃድን ግን ብምስትምቓር ዋህዮታት ተሓቢሩ ዝሃድኖ ኣዝዩ ከምዝርብሖን ወጽኢታዊ ከምዝኾነን ይንገረሉ። ስለዚ ዓይኑ እንተ ተኣልየ እውን መግቡ ክምእርር ኣይጸግሞን። ብኣንጻሩ ግን ንምስትምቓር ዝጥቀመሉ ብኢታ እንተኣሊኻዮ ኣብ ምዕዋር ዓይኑ ዓቢ ግደ ኣለዎ።



ኣብ 2007 ብገፈፍቲ ዓሳ ዝተረኽበ ዓርሞሸሸ ኣብሚዳድ



ድሙ ዓሳ



ሎብስተር

## ፍሩታታትን ኣሕምልቲን፡ ምስ ምንዋሕ ዕምሪ ምትሕሓዝ ተረኺቡዎም

መዓልታዊ ፍሩታታትን ኣሕምልቲን ምምጋብ፡ ዕምሪ ኣብ ምንዋሕ ዝለዓለ ተራ ከምዘለዎ ተመራመርቲ ይሕብሩ። እቶም ተመራመርቲ ኣብ ልዕሊ 65 ሽሕ ደቂተባዕትዮን ደቀንስትዮን መጸናዕቲ ድሕሪ ምኽያድ'ዮም፡ መዓልታዊ ብዙሕ ፍሩታታትን ኣሕምልቲን ዝምገቡ ሰባት ኣብ ዝኾነ እዋን ክሞቱ ዘለዎም ተኽእሎ ዝተሓተ ከምዝኾነ ዝገለጹ።


እቶም ተመራመርቲ ናይ ሸውዓተ ዓመት ዝተኣከበ ብዛዕባ ጥዕና ህዝቢ ዝሕብር ዳታ'ዮም ትንተና ኣካይዶም። እቶም ኣብ ኣመጋግባኦም ብዙሕ ፍሩታታትን ኣሕምልቲን ዝምገቡ ሰባት ድማ፡ ዝለዓለ ዕምሪ ዘለዎም ኩይኖም ረኺቦምዎም።

"ሓደ ሰብ ብመጠን'ቲ ፍሩታታትን ኣሕምልቲን ብብዙሒ ዝተመገቦ፡ ብእኡ መጠን ድማ ኣብ ዝኾነ እዋን ኪጋጥም ካብ ዝኽእል ናይ ሞት ተኽእሎ ዝጎደለ ኩይኑ ኢና ረኺብናዮ" ዝበሉ እቶም ተመራመርቲ፡ ኣብ ሰሙን ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ግዜ ፍሩታታትን ኣሕምልቲን ምምጋብ ንተኽእሎ ሞት ብ14%፣ ኣብ ሰሙን ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ ግዜ ምምጋብ ብ29%፣ ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ሸውዓተ ግዜ ምምጋብ ብ36%፣ ከምኡ ድማ ኣብ ሰሙን ካብ ሸውዓተ ንላዕሊ ፍሩታታትን ኣሕምልቲን ምምጋብ ንተኽእሎ ሞት ብ42% ከምዝጎድሎ ኣረጋጊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ መጸናዕቲ፡ ሓደሽ ኣሕምልቲ ምምጋብ ኣብ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝሓየለ ረብሓ ስለዘለዎ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ክስራዕ ከሎ፡ ሳላጣን ፍሩታታትን ድማ ኣብ ሳልሳይን ራብዓይን ደረጃ ከምዝስርዑ እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም። እንተኾነ፡ ዝቐጸየ ፍሩታታትን ፓውደር ሕዋስ ዘለዎን ተጠቂምካ ዝዳሎ ጸማቕ ኣብ ዕምሪ ዝኾነ ጥዕናዊ ረብሓ ከምዘይብሉ ብምሕባር፡ ዕሹግ ፍሩታታት ድማ መሊሱ ተኽእሎ ሞት ከምዘጋድድ እቶም ተመራመርቲ ኣጺሮም።

ሓደሽ ፍሩታታትን ኣሕምልቲን ጽሩ-ምምሽማሽ ባእታ ስለዘለዎም፡ ንዝተሃስዩ ዋህዮታት ጸጊኖም ካብ ሕማማት ናይ ምክልኻል ሓይሊ ከምዘለዎም ክኢላታት የረድኡ። ካልእ፡ ሽጋራ ካብ ምትካኽን ኣልኮላዊ መስተ ካብ ምዝውታርን ምሕራም'ውን ንመጠን ሞት ከምዝጎድሎ ይግለጽ።

ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ፡ ዝነዊሐ ዕምሪ ንምጽናሕ፡ እንተተረኺቡ መዓልታዊ ፍሩታታትን ኣሕምልቲን ናይ ምምጋብ ባህሪ ክዘውትር መኸሪሞም።



# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

## ሓጐስን ሕጉሳትን

ሻውዓይ ክፋል

**“ሓጐስ ማለት ንፍሲ ወከፍ ደቒቕ ብፍቕሪ ጸጋን ምስጋናን ምንባር እዩ።” - ደኒስ ወይትሊ**

**“ቀንዲ መፍትሕ ኣብ ህይወት፡ ሕጉስ ሰብ ምዃን እዩ። ሓጐስ ከኣ ዓወት ከምጽኣልካ እዩ።” - ዲያን ሻል**

ኣብ ጉዳእ ርእስና ጥራይ ከተኰርና እንከለና፡ ንገሊና ጸቡቕ ረብሓ ንረኽብ ጥራይ ኰይኑ እዩ ዝስመዓና። ሓያሎ መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ ግዱ ኣብ ጉዳእ ርእሶኻ ጥራይ ምትኳር (self-focused) ከቢድ ሳዕቤን ከም ዘለዎ እዩም ዘረጋግጹ ዘለዉ።

ንኣብነት፡ ዶክተር ላሪ ሸርዊዝ ዝየደዶ ዓሚቕ መጽናዕቲ፡ ኣብ ጉዳእ ርእሶኻ ጥራይ ምትኳር ጠንቂ ሕማም ልቢ ከም ዝኸውን እዩ ኣረጋጊጹ። እቶም ኣብ ጉዳእ ርእሶም ምሒር ዝተኰሩ ሰባት፡ (ንኣብነት ኣብ እዋን ቃለ መሕተት ‘ኣነ’፡ ‘ንዓይ’፡ ‘ናተይ’፡ … ምባል ዘበዝሑ)፡ ብሕማም ልቢ ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎኦም ኣዝዩ ሰፊሕ እዩ።

ከም ምርምር ብርክት ዝበሉ ስነ ፍልጠታውያን እንተ ኾይኑ፡ እቶም ጥቡቕ ማሕበራዊ ርክብ ዘይብሎም ሰባት፡ ከንቱታት ጥዕናኦም እናንቈልቈለ እዩ ዝመጽእ። ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም ካብ ስምዒት ሓጐስ ምሒር ዝረሓቑ እዮም። ግዳያት ጸቕጢ ናይ ምዃን ተኽእሎኦም ከኣ ምሒር ዝሰፍሐ እዩ።

ንኻልኦት ሰባት ንምሕጋዝ ክንንቀሳቐስ እንከለና፡ ልክዕ ከም ምብህዛል መሰረታዊ መፋጥርትና እዩ። ደቂ ሰብ ንጓንጓ እናማዕበልዎ ክመጽኡ እንከለዉ፡ ብእኡ መጠን ስምዒት ርህራሀን ልግሰን እናማዕበለ ይመጽእ ከም ዘሎ እዮም ሊቃውንቲ ዓለምና ዝትንትኑ ዘለዉ። እዚ ተውህቦ ንደቂ ሰብ ኣብ ልዕሊ ካልኦት እንስሳታት ጸብለል ንኸነብል ብዐዙሕ መዳያት ሓጊዙና እዩ።

ኩሉ ሕብረተሰብ ኣብ ምብህዛል ሓደ ኣይኮነን። ገለ ሕብረተሰብ ኣብ መዳይ ምብህዛል ኣመና ክፉት እዩ። ብመንጽሩ፡ ካልእ ሕብረተ ሰብ ኣብ ምብህዛል ዘይነኣድ ኣሎ። ኣብ ማእከል ክፉት ሕብረተሰብ ዝቕመጥ ሰብ፡ ኣእምሮኡ እናሰፍሐ ይመጽእ እሞ፡ ብእኡ መጠን ኣብ ቋንቋ ዘለዎ ምልከት ቀጻሊ እናሰፍሐ ይመጽእ።

ብተመሳሳሊ መንገዲ፡ ኩልና ደቂ ሰብ ትዕድልቲ “ዘርኢ ርህራሀ” (seed of compassion) ክህልወና ይኽእል እዩ። ንጸቡቕ ከንታት — ኣብ ገዛ ኣብ ሕብረተሰብ ብየብኡ እንተ ተቓሊዕና ከምኡ’ውን ጺሒፍና ብናትና ጻዕሪ ኣብ ጸቡቕ ስራሕ እንተ ተዋፊርና — እቲ ‘ዘርኢ’ ይዕንብብ። ዝ ሓሳብ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ተመራመርቲ ዘርኢ ሓልዮትን ደንጋጽን ኣብ ህጻናት ዘኰልዓልዑ ዝበለጸ ኣከባቢ ንምርካብ ኣብ ልዑል ጻዕሪ እዮም ዝርከቡ ዘለዉ።

ንሳቶም ኣብዚ መዳይ ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ኣለልዮም ኣለዉ — ንስምዒቶም ብዝዓበየ ክቈጻጸሩ ዝኽእሉ፡ ንሓላዪ ባህሪ ብዝዓበየ ዝኸሰኩሱ፡ ኣብ ባህርያት ህጻናት ግቡእ ደረት ዝሕንጽጹ፡ ህጻናት ሓላፍነት ባህሪኦም ከም ዝስከሙ ዝገብሩ፡ ንኣደኛዮ ህጻናት ኣብ ስምዒት ፍትወት ክብ ከም ዝበል ኣብ ምግባር ብርትዓ ዝሰርሑ፡ ህጻናት ብሰሪ ባህርያቶም ኣብ ካልኦት ንኣዲኡ ባህታ ከዕስላ ዝኽእል — ኑቲ ኣብ ጡብ ዝስምዓ ቓንዛ ብምቕላል — ብቐዓት ሐዚ እዩ ዝውሊድ ክንነብል ንኽእል ኢና።

ሓደ ዕሸል ብስነ ህይወታዊ መዳይ ንዝተፈላለዩ ገጻት ንኽልልን ግብረ መልሲ ክህብን ፕሮግራም ዝኾነ (programmed) እዩ። ዕሸላት ብልዑል



ጉድኣት ከየውርዱ ዝሕግዙ፡ … ወለዲ ምህላው።

ምኽንያቱ ንመሰረታውያን ግምታትና ብዙሕ እቲ ቐንዲ ተፈጥሮ ደቂ ሰብ፡ ማለት ካብ ተጻብኦ ናብ ሓጋዝነት፡ ሓደስቲ ተኽእሎታት ክኸፍቱ ይኽእሉ። ብሞደል ርእሱተጕዳስነት ናይ ኩሉም ባህሪ ደቂ ሰብ እንተ ጀሚርና፡ ሓደ ዕሸል ከም ፍጹም ኣብነት “መረጋገጺ” (proof) ናይቲ ክልሰ ሓሳብ ክጠቅም ይኽእል እዩ።

ዕሸላት ክውለዱ እንከለዉ፡ ኣብ ኣእምሮኦም ብሓንቲ ነገር ጥራይ እዮም ፕሮግራም ዝኾኑ — ርወየት ናይ ጉዳእ ርእሶም ድሌታት — መግቢ፡ ኣካላዊ ምቾት፡ …። ይኹን እምበር፡ ኑቲ መሰረታዊ ኣከታዊ ግምት እንተ ደኣ ኣወዝዚፍናዮ፡ ሓደ ምሉእ ሓድሽ ሰእሊ ክፍጠር ይጀምር። ንሕና ብቐሊሉ፡ ሓደ ዕሸል ንሓደ ነገር ፕሮግራም ኰይኑ እዩ ዝውለድ ክንብል ንኽእል ኢና — ብቐዓትን ዕላማን ናይ ባህታን ደስታን ንኻልኦት ምምጻኡ።

ንሓደ ጥዕና ዘለዎ ዕሸል ብምዕዛብ ጥራይ፡ ንመሰረታዊ ተፈጥሮ ሕያውነት ደቂ ሰብ ምኹሓድ ዝከኣል ኣይኮነን። ካብዚ ሓድሽ ኣጠማምታ ኽኣ፡ ብቐዓት ንኻልኦት ሰባት ባህታ ብምምጻእ ጸቡቕ ጉዳይ ክንፈጥር ንኽእል ኢና — እቲ ሓልዮት መፋጥርትና እኮ እዩ።

ንኣብነት፡ ኣብ ሓድሽ እተወልደ ዕሸል፡ ስምዒት ምሸታት ክንዲ 5 ማእታዊት ናይ እኹል ሰብ እዩ ዝምዕበል። ስምዒት ምሸታት ከኣ ምሒር ውሑድ እዩ ዝምዕበል። እዞም ስምዒታት ሓደሽቲ እተወልደ ዕሸል ግዱ ንጽብ ጡብ ንምሸታት ንምስትምቓርን እኹላት እዮም።

እቲ መሰርሕ ምጥባው ኑቲ ህጻን መኣዛ ይፅንግሎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ ኣብ ጡብ ዝፍጠር ወጥሪ ኣብ ምህዳእ ከማን ልዑል እጃም እዩ ዘለዎ። ምእንቲ’ዚ፡ ንሕና እቲ ዕሸል ንጽህና ናብ ገጽና ከተኩሩ እንከለዉ፡ ዘይሕጉስ ሰብ ኣሎ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን።

ገለ ንባህርያት እንስሳታት ዘጽንዑ ሊቃውንቲ (ethologists)፡ ነዚ ጉዳይ ናብ ክልሰ ሓሳብ ኣማዕቢሎሞ ኣለዉ። ንሱቶም ከም ዝበልዎ፡ “ሓደ ዕሸል ናብቲ ዝሕብሕቦ ዘሎ ሰብ ክምስ ክብሎ እንከሎ ወይ ብቖጥታ ዓይኒ ዓይኑ ክጥምቶ እንከሎ፡ እቲ ዕሸል ብዕምቈት ንዘሰረጾ ‘ስነ ህይወታዊ ደቂቕ ውጥን’ (biological blueprint)፡ መፋጥርቲ ዝቘመንጉዎ ጭውነት፡ ርህራሀ፡ ሓልዮት፡ … ካብቲ ዝሕብሕቦ ዘሎ ሰብ እዩ ዝከታተል። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ንሱ በቲ መፋጥርትና ዝኾነ ሓላፍነት ብተመሳሳሊ እዩ ዝምእዘዝ።”

ካልኦት ዝያዳ ተመራመርቲ ንተፈጥሮ ደቂ ሰብ ብውድዓዊ ኣገባብ ብዝዓህሰሰዎ መጠን፡ እቲ ግንዘብ ናይ ሓደ ዕሸል ከም ንእሽቶ ጥቕላል ናይ ስሰዐ፡ ከም ዝበልዕን ዝድቅስን ማሽን ይወሰድ — እዚ ርድኢት እቲ ዕሸል ናብ እዛ ዓለም ዝመጽአ ብተፈጥሮኡ ንኻልኦት ሰባት ንኸሐጕስ ኢሉ እዩ ንዝበል ራእይ ህላወ ዝፈጥር እዩ። ንዕኡ ዘድልዮ ኑቲ መሰረታውን ባህርያውን “ዘርኢ ርህራሀ” ክበቍልን ክዕብን ዘፍቅድ ግቡእ ኣከባብያዊ ከንታት እዩ።

ምርህራህ እምበር፡ ምጽባእ መሰረታዊ ተፈጥሮ ናይ ሰብኣውነት ከም ዘይኮነ ሓንሳእ ምስ ደምደምና፡ ምስ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ዓለም ብቐጥታ ይልወጥ። ንኻልኦት ሰባት ብመሰረቱ ኣብ ክንዲ ተጻብኦትን ሰሱዓትን ከም ርህሩሃት ክንጥምቶም እንተ ጀሚርና፡ ንሕና ንኸንዛዝ እምነት ዘለናን ብቐሊሉ እንኩበርን ክኸውን ይሕግዘና። ዝያዳ ሕጉሳት ከኣ ይገብረና።

ሊቃውንቲ፡ “ዕላማ ህይወትና ሓጐስ ኢዩ።” ብምባል እዮም ዝምዕዱና ዘለዉ። እዛ ቓላል እትመስል ምልእቲ ሓሳብ፡ ኣብ ህይወት ዝጋጥሙና ጸገማት ሓንቢስና ክንወጽኦም ከም እንኽእል ሓያል መሰርሒት ኩይና ክትሕግዘና ትኽእል ኢያ። ካብዚ ኩርናዕ ክጥመት እንከሎ፡ ቀንዲ ስራሕና ክኸውን ዘለዎ፡ ኑቶም ናብ ሕሰም ዝመርሑና ነገራት እናገላፍና፡ ኑቶም ናብ ሓጐስ ዝመርሑና ምእካብ እዩ ክኸውን ዘለዎ።

እቲ ሜላ፡ እቲ መዓልታዊ ልምምድ፡ ንንቕሓትናን ርድኢትናን ናብ እቲ ብሉቒ ናብ ሓጐስ ዝወስድ መንገዲ ብዘዝምታ ከም ዝሰፍሕ ይገብር። ኑቲ ካብ መንገዲ ሓጐስ ከም እንገደልህጽ ዝገብረና ኽምን ከም እንፈልጦ ይገብረና እዩ። ህይወት ምሒር እተሓላለኸት ክትከውን እንከላ ስምዒት ረሸሽታ ክወርረና እንከሎ፡ ሓንሳእ ደው ኢልና፡ ንጉዳእ ርእስና ብዝዓበ ሓፈሻዊ ዕላማና፡ ሓፈሻዊ ሹቶና ከዘኻኽረና ይግባእ።

ስምዒት ደስኳለ ወይ ምውጅባር ክገጥመና እንከሎ፡ ንሓደ ሰዓት ወይ ንፍርቂ መዓልቲ ዋላ ኸማን ገለ መዓልታት ወሰደካ፡ ብኸመይ ናብ ሓቀኛ ሓገሰኻ ከም እትምለስ ከተሰላስል ኣሎካ። ካብኡ፡ ብመሰረት እቲ ዘሰላሰልካዮ ሓሳብ ቀዳምነታትካ ናብ ምስራዕ ንኣቱ።

እዚ ሜላ ንህይወትና ናብቲ ንብር መዳዩ ይመልሶ። ሓደሽ ኣመለኻኽታ ንኸነማዕብል ይጠቕመና። ኾናይ ኣንፈት ክንመርጽ ከም ዘለና ኸማን ይሕግዘና። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ንመላእ ህይወትና ክቕይር ንዘኽእል ውሳኔ ንኽንወስድ ንዋጠር ኢና። ንኣብነት፡ ንኽንዝምርዖ፡ ቈልዑ ንኽንወልድ ወይ ናብ ኮሌጅ ኣቲና ሕጊ፡ ምህንድስና፡ ሕክምና፡ መምህርና፡ ጋዜጠኛነት፡ … ንኽነጽንዕ ክንወስን ንኽእል።

ሕጉስ ንኽንኸውን ብጽንዓት ምስራሕ — ብዙሓ እቶም ናብ ሓጐስ ዝወስዱ ረቛሒታት ምንባብን ሕጉስ ህይወት ንምሕላፍ እወታዊ ስጉምቲ ምውሳድን — ከምዚ ዓይነት ውሳኔ ክኸውን ይኽእል እዩ። ከም ብቑዕ ሹቶ ናብ ሓጐስ ምምላስ ከምኡ’ውን ብስርዓት ዘለዎ ኣገባብ ንቑሕ ውሳኔ ሓጐስ ምንዳይ፡ ንዝተረፈ ህይወት ብዕምቈት ክልውጦ ይኽእል።

እናሓንሳእ ንእንፈትምም ናይ ቀደም ዓርኩመሓዙትና ክንረኽቦም እንከለና፡ ግዜ ክሳብ ክንደይ ይውንጨፍ ከም ዘሎ የተሓሳስበና። ንግዜና ብዝዮዮእ ንጥቀመሉ ምህላውናን ዘይምህላውናን ብዮዝእ ንኽንሓስበሉ ኸኣ የዘኻኽረና። ንግዜኻ ብዮዝእ ምጥቃም እምብዛ ኣገዳሲ እዩ። ክቡሪ ግዜ ዘይርዳእ ሰብ፡ ሕጉስ ኩይኑ ክነብር ማለት ዘበት እዩ።

ኣፈጣጥራ ኣካላትና ብፍላይ ከኣ ሓንጎልና ኣመና ዘደንቕ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ደቒቕ ኣዝያ ክብርቲ እያ። ዕለታዊ ህይወትና መብዝሕትኡ ግዜ ብዘይ ዝተመልአ ምኻኑ እዮም ሊቃውንቲ ዝዮሩና — ዋላኳ ኣብ መጻኢ ግዜ ውሕሰት እንተ ዘይብልና። ሎሚ ለይቲ ምስ ደቀስና፡ ጽባሕ ንግሆ ካብ ድቃስና ከም እንበራበር ዋላ ሓንቲ ውሕስነት የብልናን። ይኹን እምበር፡ መብዝሕትና ጽባሕ ንግሆ ክንትንስእ ኢና ኢልና ምሉእ ተስፋ ሰኒቕና ኢና ንኽንድቕስ ናብ ዓራትና እንድይብ።

ክንዲ ዝኾነ፡ ንግዜና ብዝተኻእለ መጠን ብዮዝእ ክንጥቀመሉ ይግባእ። ንግዜና ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። እንተ ኸኢልና፡ ንኻልኦት ጸገማት ሰባት ኣብ ምሕጋዝ ንወርቃዊ ግዜና ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። ነሰባት ምሕጋዝ ኑበስና ዘይጉብረልና እንተ ኾይኑ ወይ ዓቕሚ ዘይብልና እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ብውሕዱ ነሰባት ካብ ምጕዳእ ክንሕቆብ ይግባእ። እዚ ሓደ ካብ ዓበይቲ ፍልስፍናታት ዓለምና እዩ።

ምእንቲ’ዚ፡ ኣብቲ ኣብ መዳይ ህይወት ናይ ብሉቒ ክብሪ ዘለዎ እንተ ኣተኲርና እዩ ዝያዳ ዘርብሓና። ኣብቶም ኣብ ህይወትና ትርጉም ዝህቡና ነገራት ከደህብ ይግባእ። ብመሰረት እቶም እንኣቦም ክብርታት ድማ፡ ቀዳምነታትና ክንሰርዕ ኣለና።

ዕላማ ህይወትና እወታዊ ክኸውን የድሊ። ንሕና ጠንቂ ጸገም ሓዘን ኣይተወለድናን። ንኻልኦት ዘጥቅዕ ባህሪ ሓዘን ኣይኮንናን እንውለድ። ህይወትና ክብሪ ክህልዋ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ መሰረታውያን ጸቡቓት ሰብኣዊ ባህርያት — ሕያውነት፡ ደንጋጽን ፍቕርን ከነማዕብል ይግባእ። ካብኡ ህይወትና ትርጉም ዘለዋ ዝያዳ ሰላማውን ይኸውን — እወ ኣመና ሕጉሳት ንኸውን።

**“ሓጐስ ኣብ መንነ ክልተ ዘይሕጉሳት እዋናት ዝርከብ ዕረፍቲ እዩ።” - ዶን ማርክስ**

**“ኣብ ስራሕካ ይኹን ምስ ስድራኻ እተሕልፎ ግዜ ክሳብ ክንደይ ክቡር ምዃኑ ኣስተውዕሎ። ንፍሲ ወከፍ ደቒቕ ክትሕጐሰላን ክተስተማቕራን እዩ ዘሎካ።” - ኤርል ናይቲንገል**

ይቕጽል

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHT |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:25 | FILM |
| 15:25 | ህርመት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕሖት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዘን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ኣቓልቦ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ስርሒት ባሬንቱ 1985 |




# መርዓን ደቂ-ኣንስትዮን

ማርታ ክብሮም

መርዓ፡ ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ክፋል ህይወት እዩ። ኩሉ ሰብ ድማ፡ ሓደ መዓልቲ ናብዚ ክፋል ህይወት ከም ዝኣቱ ይሓስብ። ኣብ ሓቀኛ ተመክሮታት ዝተመርኮሱ ጽሑፋት ከም ዝገልጽዎ ግና፡ ደቂ-ኣንስትዮ ዚያዳ ደቂ-ተባዕትዮ ንመርዓ ይህንጠያሉን ይደልያኦን። ስለምንታይ? ዚ ኢሉ ኣብ ዝተጐበረ መጽናዕቲ፡ ምኽንያት ናይ'ዚ ዝበልዎ ነጥብታት ኣቐሪቦም ኣለው።

እዞም ኣብዚ ነጥቢ መጽናዕቲ ዘቕረቡ ጉጅለታት፡ ደቂ-ኣንስትዮ ንመርዓ ከም መፍትሒ ናይ ውልቃዊ ጸገማተን ገይረን ስለ ዝወስዳኦ፡ ኣብቲ ዝግባእ ዕድመ ምስ በጽሓ ቀልጢፈን ክምርዓዋ ይደልያ። ንኣብነት ሓንቲ ኣብ ህይወታ ብዙሕ ሽግር ዝሓለፈት ጓል ኣንስተይቲ ዕድል ናይ መርዓ ምስ እትረክብ ካብኡ ንምውጻእ ክትምርዖ ከም እትደሊ ይገልጹ።

ሳልዳን ኪማንጌዩል ዝተባህለ ምሁር ሱልቦና ከም ዝገለጾ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ካብታ ምስ ደቂ-ተባዕትዮ ጾታዊ ዝምድና ዝጀመራላ ግዜ ኣትሒዘን፡ ብዛዕባ መርዓ ክሓስባ ከም ዝጀምራ ገሊጹ። እንተኾነ፡ እዘን ንመርዓ ዝተበገሳ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብቲ ንሳተን ንመርዓ ዝወሰናሉ ግዜ ልክዕ ከም ናተን ብምሉእ ልቢ ንመርዓ ዝተበገሰ ሰብ ብቐሊሉ ዘይክረኽባ ይኽእላ።

ብኣንጻሩ ድማ፡ ዝበዝሑ ደቂ-ተባዕትዮ ንመርዓ ህዉኽነት ወይ ህንጡይነት ዘይምኽኣናም እዩ። ደቂ-ተባዕትዮ ንመርዓ ኣብ ዝሓስቡሉ ግዜ፡ ኣብ ኣመራርጻ መጻምድቲ ኣዝዮም ጥንቁቓት እዮም። ብዙሕ ነገራት ኣብ ግምት ኣእትዮም ድማ ይመርጹ። ብዚይካ ደጋዊ መልክዕ፡ ቁጠባዊ ኩነታት እውን ከም ረቛሒ ክወስድዎ ይኽእሉ። ብፍላይ ኣብ ሃገራት ቀዳማይ ዓለም፡ ደቂ-ተባዕትዮ ብቑጠባ ርእሰን ዝኸኣላ ደቂ-ኣንስትዮ ይደልዩ። እዚ ማለት፡ ኣብ ናብራ መታን ከይህሰዩ እታ ጓል-ኣንስተይቲ ምሉእ ብምሉእ ጸግዕተኛ ዘይኮነትን ሰራሕ እትኣቱን ክትከውን ይመርጹ።

"ኣብ ሃገራት ሳልሳይ ዓለምን ከበቢናን እንተ ርኢና፡ ገለ ደቂ-ተባዕትዮ ምስ ከኣታት ቀንጠብ ሓለፍቲ ንኸኸሉ ብምፍራሕ ካብ ምምርዓው ንበይኖም ክነብሩ ይመርጹ።" ይብል ምሁር ሱልቦና ኪማንጌዩል።

ኪማንጌዩል፡ ማሕበራዊ ወጥሕሰት'ውን ሓደ ካብቲ ደቂ-ኣንስትዮ ንመርዓ ክህወኻ ዝገብረን ምኽንያት ምዃኑ ወሲኹ ኣረዲኡ። መብዛሕትኦም ሕብረተሰባት፡ ጓል-ኣንስተይቲ ምስ ትምርዖ ከም ትኽብርን ማሕበራዊ ወጥሕሰት ከም ትረኽብን ይኣምኑ። በዚ ዓይነት ኣረዳድኣ፡ ጓል ኣንስተይቲ ወላ ብቑጠባ ብትምህርቲን ኑቡሳ ዝኸኣለት ትኹን ከም ምልእቲ ሰብ ክትሕሰብ እንተ ኾይና ክትምርዖ ኣለዋ። ስለዚ ድማ እያ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ምስኣ ዝሰማማዕ ሰብ እንተ ረኺባ ክትምርዖ ጥራይ ትሓስብ። ስለዚ ድማ እየን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝምድና ምስ ዝህልዋ ሓደ መገዲ ንመርዓ ምዃኑ ብምሕሳብ ርእሰ ምትእምማን ዘለወን ናጻን ሕገኛትን ዝኾናን መልክዐን ድማ ዚያዳ ዝሕልሓ።

ታንዛንያዊ ኣማኻሪ ስነ ልቦና በኮ ድማ፡ ጸቕጢ ሕብረተሰብን ጸግዕተኛነትን ካብቶም ንደቂ ኣንስትዮ ቀልጢፈን ክምርዓዋ ዝደርኹ ምኽንያታት ምዃኖም ይገልጽ። ካልእ ምኽንያት ኢሉ ዝገለጾ ድማ፡ ደቂ ኣንስትዮ፡ መሓዛተን ምስ ዝምርዓዋ ንሳተን እውን ቀልጢፈን መጻምዲ ረኺበን ንሰአን ክማስላ ከም ዝምነያ እዩ።

"ዝበዝሓ ካብ ጸግዕተኛታት ናጻ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ግና ንመርዓ ከም




መፍትሒ ጸገማተን ኣይወስዳኦን እየን። እንታይ ደኣ ምስ ካብ ኣብል ስድራ ቤተን ወጺአ ዝኾነ ሰብ ተዛሚደን ሓዳሽ ስድራ ንምምስራት ጥራይ እየን ዝሓስባ።" ይብል በኮ።

በኮ ቀጺሉ፡ ጸቕጢ ስድራ ቤት እውን ሓደ ምኽንያት ናይ ደቂ ኣንስትዮ መርዓ ከም ዝኾነ ኣብ ጽሑፉ ኣስፊሩ ኣሎ። ስድራቤት ጓሎም እንተ ተመርዕያ ጥራይ ክብረት ከም ዝህልዋ ስለ ዝኣምኑ፡ ኣብ ደረጃ ብጽሕና ምስ በጽሐት ኣትሒዞም ንመርዓ ከም ዝህውኽዋ ኣረዲኡ። "ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ እንተ ተመርዕያ፡ ስድራ ቤታ ክብሪ ይወስኹን ብዙሮም ከም ዘዕበይዋ ድማ ህያው ምስክር ይኾውንን።"

መለሳ ዝተባህለት ጓል ኣንስተይቲ ድማ፡ ደቂ ኣንስትዮ ክምርዓዋ ኣዝየን ዝደልያሉ ምኽንያት ኑቲ ኩሉ ግዜ 'ሕጉሳት ሰብኣይን ሰበይትን ብፍቕሪ ይነብሩ ነይሮም' ዝብል ዝሰምዓኦ ዛንታ ክበጽሓኦ ስለ ዝደልያ ምዃኑ ገሊጹ። ቀጺላ መለሳ፡ "ዝበዝሓና ደቂ ኣንስትዮ ኣዝዮም ደስ ዘብሉን ዘቕንኡን ፍቕራዊ ዛንታታትን ፊልምታትን እናረኣናን እናሰማዕናን ኢና ንዓቢ። ንሕና'ውን ቀልጢፍና ዓቢና ኣብ ከምኡ ህይወት ክንኣቱ ንደሊ። ስለዚ ድማ ኢና ኣብቲ እኹል ዕድመ ምስ በጽሕና መጻምዲ ክንሕዝን ፍቕራፍቕሪ ዝጨኑ ሓዳር ክንምስርትን እንደሊ። ደቂ ተባዕትዮ ግና፡ መርዓ ከም ሓደ ነገር ክስተፋሉ ጥራይ ዘለምዎን ወይ'ውን ኣብ ሓደ ደረጃ ምስ በጽሑ ሓደ እዋን ከም ዝኣብርዎን ጥራይ ገይሮም እናሓሰቡ እዮም ዝዓብዩ።

ኢቫንስ ድማ፡ ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ ኣመልኪታ ከምዚ ዝብል ሓሳብ ኣቕሪባ ኣላ፡ "ንሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ መርዓ ከም ምልክት ዓወት እዩ። ንደቂ-ተባዕትዮ ግና፡ ከምቲ ቅድሚ ምምርዓዎም ዝነበርዎም ናጽነት ከም ዘይስእንዎም ብምሕሳብ፡ ልክዕ ከም ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ስምዒት ዘይኽሰምዖም ይኽእል" ትብል።

## ደቂ-ኣንስትዮ ብዛዕባ ደቂ-ተባዕትዮ ክፈልጥኦ ዘለወን ነገራት

ሓደ ካብ'ቲ ብዙሕ ድሌታት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ክምጎሱ ምድላይ እዩ። ዝኾነ ዝገበርዎ ኣብርኽቶ ንኽእሹቶ ይኹን ዓቢ ብመጻምድቶም ክፍለጠሎም ይደልዩ። ካብኣን ምስጋና ወይ ናይ ናእዳ ቃላት ክሰምዑ ይብህጎ።

ደቂ-ተባዕትዮ ንኹሎም ዝጎንምምሉ መቕርበን ምስ ዘዕልላሉ ጥራይ ጸቡቕ ይሰምዖም። ስለ'ዚ ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ከም'ዚ ኩነታት ምስ ዝህልዉ መፍትሒ ክናደዩ ስለ ዘደልዮ ንቑሩብ ግዜ በይኖም ክኾኑ ይደልዩ። ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ንኹነታት መጻምደን ክርድኣ ይግባእ። ደቂ-ተባዕትዮ ዘይከም ደቂ-ኣንስትዮ፡ ንዝጋጠሞም



ኣገባብ ብዝተዓበርዎ ንጥፈታት ክኾውን እኳ'ሉ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኑበሰን ዝጎንምምጎሉ መንገዲ ግና፡ ብመንኩተን ወይ ብእንታይኑተን እዩ። ደቂ-ተባዕትዮ ካብ መጻምድቶም ናእዳ ወይ መገሰ ምስ ዘይረኽቡ፡ ኣብ ዝቐጽል ዝኾነ ነገር ክገብሩ ድሌት ኣይሓድሮምን። ንኣብሶም'ውን ከም ዘይብቑዖት ገይሮም ክሓስብዋ ይኽእሉ። ስለ'ዚ ናእዳ ንደቂ-ተባዕትዮ እቲ ዝበለጸ መግቢ ኣእምሮ ምዃኑ ተረዲእኪ፡ ምእንቲ ብዝበለጸ ንቕድሚት ክስጉሙ - ናእዳኝን ኣድናቖትናን ኣይንብቆቐሎም።

ደቂ-ተባዕትዮ ብርእሶም ክኸዱ ወይ ባዕሎም ጥራይ ክመሓደሩ ይደልዩ። ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ጭንቀት ወይ ጸቕጢ ምስ ዘጋጥሞም፡ ንዓኡ ዝጸጥምሉ መንገዲ ዝተፈላለየ እዩ። ብመሰረት ጆን ግረይ ደራሲ መጽሓፍ "ደቂ-ተባዕትዮ ካብ ማርስ እዮም፡ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ካብ ቬኑስ እየን"፡ ደቂ-ተባዕትዮ ጸቕጢ ምስ ዘጋጥሞም መፍትሒ ምስ ዝረኽቡ ጥራይ ጸቡቕ ይሰምዖም። ደቂ-ኣንስትዮ ከኣ - ኑቲ ዘጨንቐን ምስ መሓዛተን ወይ ከቢድ ነገር ዝጠዘሐ ግዜ ኣብ በይናም ክዑብርዎ እዮም ዝደልዩ። ክሳብ መፍትሒ ዝበልዎ ሓሳብ ዘምጽኡ ማለት እዩ።

ካልእ ኣብ መንጎ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ዘሎ ዝዓበየ ፍልልይ፡ ኣብ ኣቀራርባኦም እዩ። ንደቂ-ኣንስትዮ ምቕርራብ ማለት - ኩሉ ምስጢራትካ ምዕላል፡ ምትሕቕቓፍ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ናጻ ኴንካ ምዝርራብ ማለት እዩ። ንደቂ-ተባዕትዮ ግና፡ ከምኡ ኣይኮነን። ደቂ-ተባዕትዮ ምቕርራብ ዝበልዎ፡ ንሓደ ነገር ብሓንሳብ ኴይናም ምስ ዝገብርዎ ጥራይ እዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ ክልቲኡ ጾታ ዘለዉ ፍልልያት ዘይክሓዱ እዮም። እዞም ፍልልያት ከም ዘለዉ ገይርና ክንቕበሎም ዘይኮነ፡ ፍልልያትና ተቐቢልና ክንመላለእ እዩ ዘሎና። ደቂ-ተባዕትዮ ንበይኖም ምሉኣት ኣይኮኑን፡ ደቂ-ኣንስትዮ እውን ከምኡ። ክልቲኦም ምስ ዝወሃሃዱ ግና፡ ጎደሎኦም ይምልኡ። ስለ'ዚ ኣብ መንጎና ዘለዉ ድኽመታት ወይ ብልጫታት ብግቡእ ክንርድኦም ይግባእ።

## ብደቂ-ኣንስትዮ ዝጽምበሉ ፈስቲቫላት ህንዲ

ህንዲ፡ ሓንቲ ካብተን ጾታዊ ማዕርነት ዘይረኣያ፡ ደቂ-ኣንስትዮኣ ድማ ብዙሕ ጾታዊ ዓመጽ ዘጋጥመን ሃገር እያ። ኣብዛ ሃገር ዘሎ ጾታዊ ኣድልዎ ጎሊሑ ይርኣ። ብሰንኩ ድማ ደቂ-ኣንስትዮ እዛ ሃገር ንድኽነት፡ ሞትን ካልእ ብዙሕ ሕማማትን ዝተቓልዓ እየን።

ህንዲ ሓደ ካብ'ቲ እትልለየሉ ነገር፡ ብዙሕነት ፈስቲቫላታ እዩ። እዘን ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ድማ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ንኽብሪ ደቂ-ተባዕትዮ ወይ ምስኦም ዝተሓሓዘ ነገራት ኣለን ዝጽምብልኦ ፈስቲቫላት እየን።

ራኽሻ ባንድሃን- እዚ ዓይነት ጽምብል እዚ፡ ደቂ-ተባዕትዮ ንኣሓዋቶም ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ነገር ከም ዝከላኸሉለን ዝገልጽ እዩ። ኣብ'ዚ ጽምብል ደቂ-ኣንስትዮ ኑቶም ተሳተፍቲ እዚ ፈስቲቫል ዝኾኑ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣብ ገምባ ኢደም ፈትሊ ይኣስሩሎም። እዚ ከኣ፡ ኑቲ ንኣሕዋቶም ደቂ-ኣንስትዮ ዝኣትውዎ መብጽዓ የሐድሱ ኣለዉ ማለት እዩ።

ጅህር- ቀንዲ ኣብ ሰሜን ህንዲ ዝበዓል ኮይኑ፡ ኣሕዋተን ደቂ ተባዕትዮ ነዊሕ ዕድመ ክነብሩን ሃብታማት ክኾኑን ናብ ኣምላኸን ጸሎት ዝዕበረሉ ፈስቲቫል እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ጸጉረን ጀህር ብዝተባህለ ተኽሊ ገይረን ይኣስራኦ።

ካም ፖንጋል- ኣብ ታሚል ናዱ ዝተባህለ ቦታ ዝጽምበል እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ንብልጽግና ኣሕዋተን ይጸልያ።

ንውሪ ሃቡ- እዚ ናብ ኣምላኽ ንውሪ ወይ ፓርቫቲ ዝጸለ ኮይኑ፡ ኣብ ቦታታት ታሚል ናዱን ካርናትካን ይጽምበል። ደቂ ኣንስትዮ ንኣምላኸን ሓንቲ መዓልቲ ናብ ቤተን ብምምጻእ ፍቕሪን ሰላምን ክትህበን ይጽልያ።



### ካብ ኣገደስቲ ሓቅታት ደቂ-ኣንስትዮ

- ኣብ ግዜ ህጻንነት ኣእምሮ ደቂ-ኣንስትዮ ልዕሊ ደቂ-ተባዕትዮ ዝኾነ ነገር ንምስልሳልን ንምስትውዓልን ቅልጡፍ እዩ። ስለ'ዚ እዩ እምበኣር ደቂ-ኣንስትዮ ብኣተሓሳስባ ቀልጢፈን ዝበስላ።
- ልዑል ጨና ናይ ምስትምቓር ክእለት ኣለወን። ካብኣን ርሒቑ ዝዘሎ ነገር'ውን ብጨናኡ እንታይ ምዃኑ ክፈልጣ ይኽእላ።
- 20 ሚእታዊት ልዕሊ ደቂ-ተባዕትዮ ሕብርታት ናይ ምልላይን ምምራጽን ክእለት ኣለወን።
- ደቂ-ኣንስትዮ ብገምጋም ኣብ መዓልቲ ክሳብ 13 ሽሕ ቃላት ይዛረባ።
- ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ብገምጋም 18 ሰዓት ናይ ህይወታ ኣብ ምሕሳም መግቢ (ዳይት) ተሕልፎ።
- ደቂ ኣንስትዮ ልዕሊ ደቂ-ተባዕትዮ ቀልጢፈን ይሰኽራ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ'ቲ ቲሹ ናተን ውሑድ ማይ ስለ ዘለወን እዩ። ብኸምኡ ድማ እየን ብዙሕ ዘይርህጻ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ጀርመን፡ ‘ኣብ ፖላንድ መንግስቲ ናይ ምቕያር ጥሙሕ ኣለዋ’ ተባሂሉ

ማንፍረድ ወበር ዝተባህለ ህቡብ ጀርመናዊ ፖለቲከኛ፡ ኣብ ስልጣን ዘሎ ፖለቲካዊ ሰልፊ ፖላንድ “ጸላኢ ጀርመን እዩ” ክብል ድሕሪ ምምዳሩ፡ ብጀርመን ዝምወላ ማዕከናት ዜናን ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን ኑቲ መደረ እናኣጋወሓ፡ ኣብ ፖላንድ ቁጠባዊ ወፍሪ ከይትገብር ዕንቅፋት ይገብራ ከምዝለዋ፡ ምክትል ጉዳያት ወጻኢ ፖላንድ ፓወል ጃብሎንስኪ ወቒሱ።

ንሱ ኣሰዊቡ፡ ሃገሩ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ምርጫ ከተካይድ ኣብ ምድላዋት ከምዘላ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ መንግስቲ ጀርመን ግን ዚ መዘሚዙ ነቓዓት ንምፍጣር፡ ኣብ ፖላንድ ስርዓት ናይ ምቕያርን ንቀጠብ እታ ሃገር ናይ ምዕናውን ጥሙሕ ከምዘለዎ ከሲሱ።

እቲ ፖላንዳዊ በዓል ስልጣን ብዘይካዚ፡ ንመግለጺ መራሒ ህዝባዊ ሰልፊ ኤውሮጳ (EPP) ማንፍረድ ወበር ኣብ ግምት ኣእቲዩ ኣብ ትዊተሩ ኣብ ዘሰፈሮ ጽሑፍ፡ “ኣብ ጀርመን ዘሎ ተቓዋሚ ሓይልን ንዕኡ ዝድግፉ ማዕከናት ዜናን፡ ብዘዕባ ረቡሓታትናን ዘለና ሰፊሕ ዕድላትን ዓው ኢልና ኣብ እንዛረበሉ ኣጋጣሚታት፡ ንመንግስቲ ጀርመን




ንተኻቲቶኽ ከምዘለና እናምሰሉ ብቐጻሊ ይኸሱና ስለዘለዉ ኣደብ ክገብሩ ኣለዎም” ክብል ተረር መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።

ጀርመናዊ ፖለቲከኛ ማንፍረድ ወበር፡ ምስ ማዕከን ዜና ዜድ.ዲ.ኤፍ (ZDF) ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ ኣባላት ሰልፊ ስርዓት ሕግን ፍትሕን ፖላንድ፡ “እስርዓት ሕግን ናጻ ፕረስን ብዘሚላ የጥቅዕዎ ኣለዉ” ክብል ከም እተዛረበ’ዩ ዝውቀስ።

ወበር፡ “ንጺጋማዊ ሰልፊ ጀርመን - ኤይኤፍ.ዲ (AfD) ዝጸልኡ ከም ፈረንሳዊት ተቓዋሚት ፖለቲከኛ ለ ፔን ይኹን ፖለቲካዊ ሰልፊ ፒ.ኣይ.ፒ (PiP) ናይ ፖላንድ ዝኣመስሉ ወገናት ጸላእትና ስለዝኾኑ፡ ክንቃለሶም ኢና” ክብል ምግላጹ’ውን ንበዙሓት ሰበስልጣን ፖላንድ ከምዘቖጥዖም ይሕበር።

ብፍይ ቅድም መራሒ ህዝባዊ ሰልፊ ኤውሮጳ ሚስተር ዶናልድ ታስ ዝምራሕ ዘሎ ቀንዲ ተቓዋሚ ሰልፊ ሲቪክ ፕላትፎርም ኤውሮጳ፡ ንምርጫት ዘለዓዕል ዘረባ ወበር ከመዝዞ ዲዩ ወይስ ምስኡ ክሰማማዕ እዩ ዝብል፡ ምክትል ጉዳያት ወጻኢ ፖላንድ ፓወል ጃብሎንስኪን መንግስቱን ብቐረባ ዝከታተልዎ ዘለዉ ጉዳይ ኩይኑ ኣሎ።

ፖላንድ፡ ኣብ 15 ጥቅምቲ ክሳብ 11 ሕዳር 2023 ምርጫ ከተካይድ መደብ ከምዘለዋ እዩ ዝግለጽ።

## ኣመሪካ፡ 3 ሽሕ ወተሃደራት ናብ ማእከላይ ምብራቕ ልኢኻ

ምስ ኢራን ኣብ ከቢድ ምትፍናን ተጸሚዳ እትርከብ ኣመሪካ፡ ልዕሊ 3 ሽሕ ሓደስቲ ወተሃደራት ናብ ማእከላይ ምብራቕ ከምዘዋፈረት ኣፍሊጣ።

ኣብ ባሕሬን ዝመደበሩ ሓሙሻይ ወተሃደራዊ ኣሃዱ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ምሽቶም ወተሃደራት ተወሲኽቲ መራኽብ ውግእ’ውን ተላኢኽን ከምዘለዋ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ወተሃደራዊ ሓይሊ፡ ኑቲ ከባቢ ንምህዋኽ ብኢራን ይፍጸም ኣሎ ንዝበሎ ናይ ዘይምርግጋእ ተግባራት ደው ኣብ ምባል ዓቢ ተራ ክጻወት ምዃኑ ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ መግለጺ፡ ኣመሪካ ልዕሊ ክልተ ደርዘን ነፈርቲ ውግእ ክትሽከም ዓቕሚ ዘለዋ ምድረ-ማያዊት ወተሃደራዊት መርከብ’ውን ናብቲ ከባቢ ልኢኻ ኣላ።

ኣመሪካ ዚ ስጉምቲ ትወስድ ዘላ፡ ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ሎይድ ኦስቲን፡ “ኢራን ብወሽመጥ ፋርስ ንዝመላለሳ ንግዳውያን ናይ ጽዕነት መራኽብ ትቕይድ ኣላ” ብምባል፡ ሰራዊት ኣመሪካ ናብቲ ከባቢ ክዋፈር ዝሓለፈ ሓምለ ድሕሪ ምእዛዙ እዩ።

ኣመሪካ ብዘይካዚ፡ ኢራን ኣብ ማያዊ መጽበቦ ሆርሙዝ ንኡናት ዝዕድም ተኸታታሊ ተግባራት ትፍጽም ከምዘላ ብምኽንያት፡ ሃገራዊ ረብሓታታ ንምሕላውን ንግዳውያን መራኽብ ምዕራብ በቲ




መስመር ብዘይስግኣት ንኽመላለሳ ውሕስነት ንምሃብን ክትብል፡ ‘F-32’ ከምኡ ድማ ‘F-16’ ዝተባህላ ዝተራቐቓ ነፈርቲ-ውግእ ናብቲ ከባቢ ክትልእኽ ምዃና፡ ኣብ ዝሓለፈ መፋርቕ ሓምለ ገሊጻ ነይራ።


ብመሰረት ጸብጻብ ዜና፡ ዋሺንግተን ኣብዚ እዋን ኣብ ልዕሊ’ተን ብመጽበቦ ሆርሙዝ ኣቢለን ዝመላለሳ ንግዳውያን መራኽብ ወተሃደራት ንምስፋር’ውን ትሓስበሉ ኣላ።

ኢራን ድማ፡ ኣመሪካ ኣብተን ብጥቓ ኣፍንጫኣ ኣቢለን ዝሓልፋ ናይ ጽዕነት መራኽብ ምዕራብ ወተሃደራት ከተሰፍር እንተወሲና፡ ዓጸፋታዊ ወተሃደራዊ ግብረ-መልሲ ክትህበሉ ምዃና ተጠንቂቕ ኣላ።

ድሮ’ውን ኑቲ ካብ ዋሺንግተን ክመጽእ ዝኽእል ወተሃደራዊ ስግኣታት ንምምካት፡ ወተሃደራዊ ሓይላ ኣይልዲላ ከምዝኮነ ብርእሱ ተኣማንነት ትገልጽ።

ኑቲ ከኑታት ብቐረባ ዝከታተሉዎ ዘለዉ ብዙሓት ተንተንቲ ድማ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ’ተን ብመጽበቦ ሆርሙዝ ዝሓልፋ ናይ ጽዕነት መራኽብ ሓለውቲ ወተሃደራት ከተሰፍር እንተወሲና፡ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ሓደገኛ ኩናት ናይ ምብራዕ ተኽእሎኡ ክዐቢ ምዃኑ የጠንቅቑ ኣለዉ።

## ኩባንያታት ምዕራብ፡ ብሰንኪ እገዳ ሩስያ 110 ቢልዮን ዶላር ከሲረን




ዝዓበያ ኩባንያታት ኤውሮጳ፡ ብሰንኪ’ቲ ብኣመሪካ ዝምርሓ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝወሰናኦ ተደራራቢ እገዳታት/ ማዕቀባት ብውሕዱ 110 ቢልዮን ዶላር (100 ቢልዮን ዩሮ) ከምዝኸሰራ፡ ‘ፋይናንሻል ታይምስ’ ዝተባህለት ጋዜጣ ኣሰፊራ።

ብመሰረት እታ ጋዜጣ፡ እተን ዝዓበየ ማጠን ክሳራ ኣጋጢሙወን ዘሎ ቀዳሞት ኩባንያታት - ቢ.ፒ፡ ሸልን ቶታል ኢነርጂስን ዝተባህላ ኣብ ጽላት ነዳዲ ዝነጥፋ ኩይነን፡ ሰለስቲኤን ኩባንያታት ካብ ዕዳጋ ሩስያ ክረኽብኦ ዝኽእላ ዝነበራ 45 ቢልዮን ዶላር ክስእንኦ ተገዲደን ኣለዋ።

ጣኽታትን ትካላት መድሕንን ዝርከብኦን ፋይናንስያውያን ኩባንያታት ድማ፡ ብድምር 19 ቢልዮን ዶላር ብምኽሳር ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰሪዐን ይርከባ።

ጸብጻብ ከምዝሕብሮ፡ ካብተን ቅድሚ ኩናት ኣብ ሩስያ ዝነጥፋ ዝነበራ 1,871 ኩባንያታት ንግዲ ኤውሮጳ፡ እተን ልዕሊ 50% ገና ክሳብ ሕጂ ኣብታ ሃገር ንግዳዊ ስራሐን የሰላስላ ኣለዋ።

እዚ ድማ፡ እቲ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝሓለፍኦ ቁጠባውን ፋይናንስያውን ማዕቀባት ኣድማዒ ውጽኢት ከምዘይተረኽቦ ዘመልክት ምዃኑ፡ ክኢላታት ቁጠባ የረድኡ።

እዚ ይኹን’ምበር፡ ብኣማኢት ዝቑጸራ ካልኦት ኩባንያታት ኤውሮጳ ግን፡ ብሰንኪ’ቲ ማዕቀባት ካብ ሩስያ ክወጽኣ ከምእተገደዳ ዝሓብሩ ጸብጻባት፡ ኩባንያታት ህሪቻይና ንኦታኣን ብምትካእ ኣኽሲቢ ንግዳዊ ንጥፈት የካይዳ ከምዘለዋ ኣመልኪቶም።

በዚ ምኽንያት ድማ፡ ህሪቻይና ንኤውሮጳ በሊጻ ቀዳመይቲ ዝዓበየት ሸማቲት ነዳድን ሕርሻዊ ምህርትን ክትከውን ክኢላ ከምዝኮነ ይሕበር።

ክልቲኤን ሃገራት፡ ኑቲ ኣብ 2022 ኣስታት 185 ቢልዮን በጺሑ ዝነበረ ንግዳዊ ሽርክነተን፡ ኣብ 2024 ናብ 200 ቢልዮን ዶላር ከዕብይኦ ምዃነን ይገልጻ ኣለዋ።

## ተወሳኺ

ኣመሪካዊት ከተማ ላስቬጋስ፡ ኑቲ ኣብ መንጎ ናይ ዓለምና ዝሃብተሙ ክልተ ቢልየነራት ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ - ብኳራተ ዝተሰነየ ውድድር መኸተ-ጉስጢ ንምእንጋድ ምድላዋታ ኣጻፈፋ ትርከብ።

ኑቲ ዜና ዝተኸታተሉ ብኣማኢት ሚልዮናት ዝቑጸሩ ወገናት ድማ፡ ኑቲ ውድድር ንምዕዛብ ብሃንቀውታ ይጽበዩ ኣለዉ።

ክልቲኦም ቢልዮነራት፡ ኣብቲ ውድድር ስዒርም ክወጽኡ ምዃናም ቡበወገኖም ኣብ ምግላጽ እዮም ዝርከቡ ዘለዉ።

ወናኒ ማሕበራዊ መራኸቢ ትዊተር ዝኾነ ኢሎን ማስክ፡ ትማሊ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ምስ ዋና ፈጻሚ ስራሕ ማሕበራዊ መራኸቢ ሜታ ዝኾነ ማርክ ዛከርበርግ ኣብ መድረኽ ዝካየዶ ጉስጢ፡ ብቐጥታ ብትዊተር ክመሓላለፍ ምዃኑ ንደገፍቱ ሓቢሩዎም ኣሎ።

እቲ ካብኡ ክርከብ ትጽቢት ዝግበረሉ ሚልዮናት ዶላር ኣታዊ ድማ - ብምልኡ ኣብ ግብረ-ሰናይ ክውዕል ምዃኑ ወሲኹ ገሊጹ።

ኢሎን ማስክ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ’ውን፡ ኣብቲ ሓደገኛ ዝበሃል ዘሎ ውድድር መኸተ-ጉስጢ ብዓወት ማሰስ ኢሉ ምእንቲ ክወጽእ፡ መዓልታዊ ከቢድ ነገር ብምስፍሳፍ





ኣካላቱ የጠንክር ከምዘሎ ገሊጹ ነይሩ።


ወዲ 52 ዓመት ማስክ፡ ምስ’ቲ ወዲ 39 ዓመት ዝኾነ ዛከርበርግ ኣብ መድረኽ መኸተ-ጉስጢ ክገጥም ምዃኑ ዝሓበረ፡ ዝሓለፈ 20 ሰነ እዩ ነይሩ።

## ሩስያን ቀጠርን፡ ኣብ ንግዳዊ ምልውዋጥ ዶላር ንዘይምጥቃም ይሰርሓ

ሩስያ፡ ምስ ቀጠር እትገብሮ ንግዳዊ ምልውዋጥ - ኣብ ክንዲ ብዶላር ብባጤራ ክልቲኤን ሃገራት ክኸውን ዝጠልብ እማመ ነታ ዓረባዊት ሃገር ከምዘቕረበትላ ተሓቢሩ።

ኣምባሳደር ሩስያ ኣብታ ሃገር ድሚትሪ ዶጋድኪን ትማሊ ሰሉይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቀጠር ኑቲ ካብ ሞስኮ ዝቐረበላ ሓሳብ ንምቕባል ተጸንዩ ከምዝኾነ ገሊጹ።

እቲ ኣምባሳደር ወሲኹ፡ ክልቲኤን ሃገራት 1.9 ቢልዮን ዶላር ዝውድኡ ናይ ሓባር ፕሮጀክትታት ንምትግባር ይሰርሓ ከምዘለዋ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ሽርክነት ኑቲ ኣብ መንጎአን ብባጤራ ኣመሪካ ዝግበር ዘሎ ንግዳዊ ልውውጥ ክቕይሮ ምዃኑ ኣረዲኡ።



ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት 2023 ጥራይ፡ ሩስያን ቀጠርን ዋጋ 19.23 ሚልዮን ዶላር ንግዳዊ ልውውጥ ከምዘካየዳ ዝጠቐሰ እቲ ኣምባሳደር፡ ኣብ ጽላታት መጓዓዝያን ሎጂስቲክስን እውን ንምትሕግጋዝ ተዳልየን ከምዘለዋ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌ ላቭሮቭ ብወገኑ ኣቐዲሙ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዋላ’ኳ ከቢድ ጂኦ-ፖለቲካዊ ወጥሪ ተፈጢሩ እንተሎ፡ ሃገራት ወሽመጥ ምስ ሩስያ ዘካይድኦ ዘለዋ ንግዳዊ ልውውጥ ግን ቀጺሉ ዕቤት የርኢ ከምዘሎ ገሊጹ ነይሩ።

ሰርጋይ ላቭሮቭ ወሲኹ፡ ገለ ሃገራት ወሽመጥ፡ ምስ ሞስኮ ኣብ ዝገብርኦ ንግዳዊ ሽርክና ዶላር ምጥቃም ንኽገድፍኦ ዘርርባት ይካየድ ከምዘሎ ኣመልኪቱ ነይሩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኤደን | 9/8/2023 | ከባቢ ዩኒቨርስቲ ጥቓ ባር ሊድያ | 110750 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services